# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.4 | ዓርቢ 5 መስከረም 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ቆርበትና ኣብ ጥዕናና



ገጽ 3 ዲፕሎማስያዊ ዘይምቅዳው ኣውስትራልያን ኢራንን



ገጽ 4 ኣብቲ እንዳቀምቃሚ



ገጽ 5 ተጋዳላይ፡ ካብ ጉስነት ክሳብ ማስተርነት

ገጽ 11 ብደቂ ኣንስትዮ መኸተ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ብደሆ ተዓዊተን




# ዒድ መውሊድ ነቢ መሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ብደረጃ ሃገር ተኸቢሩ



ስእሊ- ኣክሊሉ ዘርኣዝጊ



ስእሊ- ኣክሊሉ ዘርኣዝጊ

ዒድ መውሊድ ኣ'ነቢ - 1447 ሂጅርያ፡ ትማሊ 4 መስከረም ብኽብ ዝበለ ደምቀት ተኸቢሩ።

ኣብ ሜዳ ጃምዕ ኣልኹላፋእ ኣልራሽዲን - ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ መዚ መንግስትን ግንባርን ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ዲፕሎማስያታት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ብርክት ዝበሉ ምእመናንን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ኣቦ-መንበር ጉባኤ እስላም ኣውቃፍ ከተማ ኣስመራ፡ ሓጂ መሓመድ ሰዒድ በሽር ኣብ ዘስመዕዎ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ንታሪኻዊ ኣመጻጽኣ፡ ትርጉም ከምኡ'ውን ኣገዳስነት ዒድ መውሊድ ኣ'ነቢ ብምጥቃስ እቲ ስነስርዓት ብምዕሩግ ኣገባብ ንኸጽንበል ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኩሎም ኣካላት፡ ምስጋና ኣመሓላሊፎም።

መፍቲ ኤርትራ መወላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ኣብ ዘስመዕዎ መደረ፡ ብሰላ ሰማእታትና ዝተረኽበ ሃገራዊ ሓድነትና፡ እቲ ዝኸበረ ጸጋ ረቢ ምዃኑን መሰረቱ ደማ ካብ ሰድራቤት ከምዝኾነን ኣዘኻኺሮም።

መፍቲ ኤርትራ መወላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ብዘውሃብዎ፡ ነቢ መሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) እቲ ዝበለጸ ጉረቤት - እምነት፡ ሕብረ-ብሄር ብዘየገድስ፡ ንጉረባብቱ ሰናይ ዝገብር ከምዝኾነ፡ እዚ ደማ ኣብ ቅዱስ ቁርኣን ተገሊጹ ከምዘሎ፡ ስለዚ ነቢ መሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ኣብ ሰናይ ጉርብትና ጥራይ ከይተሓጸረ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወትና ክንተሓጋገዝን ክንረዳዳእን ከምዘስተምሃረ ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ መፍቲ ኤርትራ፡ ኣብ መላእ ዓለም ሰላም ክሰፍን ብምምናይ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ዓለምን ብፍላይ ደማ ንእመንቲ ምስልምና እንቋዕ ኣብጽሓኩም ኢሎም።

ኣብቲ ስነስርዓት፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ቤት ጽሕፈት ኢፍታእ ዝመሓደራ ኣብያተ-ቅዱስ ቁርኣን ዝተጻፉ መምህራን ተመሃሮን ህጻናትን ነቲ በዓል ዘንጸባርቕ ብቛንቋታት ዓረብን ትግርኛን መዛሙርን መዳእሕን ኣቕሪቦም።

# ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ዕዉት መጥባሕቲ መዓናጡ ተኻዪዱ

ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ንወዲ 17 ዓመት መንእሰይ፡ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ዕዉት መጥባሕቲ መዓናጡ ተኻዪዱ።

እቲ ልዕሊ 7 ሰዓታት ዝወሰደን ንዞባ ዓዲ-ናህባይ - ንኡስ ዞባ ደባርዋ መንእሰይ ግርማይ ተኽለኣብ ዝተኻየደን ፍሉይ መጥባሕቲ፡ ቀጻሊ መድመይቲ ብምስዓብ ናብ መንሽሮ ዝምዕበል ዝነበረ ኣስታት 60 ጥረታት ምእላይ ዘጠቓለለ ከምዝነበረ፡ ሓላፊ ክፍሊ ሓፈሻዊ መጥባሕቲ ውሸጣዊ ሕማማት ዶ/ር የሴፍ ተወልደ ንኤሪና ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ብዘይምዝሓኡ ዝተኣታተዎ ዘመናዊ መሳርሒታትን ኣብ ምምዕባል ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ክገብሮ ዝጸንሐ ወፍሪን ኣብ ዓወት ናይ'ቲ መጥባሕቲ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝነበሮ ዝጠቐሰ ዶ/ር የሴፍ፡ እዚ ዓይነት መጥባሕቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ወጻኢ ዝካየድ ዝነበረ ምዃኑ ገሊጹ።

ነቲ ዝተሓለኸ መጥባሕቲ ዝመርሐ ዶ/ር ራሚ ያሲን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝጠዘለ ክፋል መዓናጡ ሕሙም ብፍላይ ደማ ዓቢ መዓንጣን ቀልቀል ዝዕቀበሉ ክፋልን ብርቱዕ ረኸስን ቀሲልን ከምዝነበሮ ብምሕባር፡ እቲ መጥባሕቲ ነዚ ምእላይን ምፍዋስን ከምዝነበረ ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ መጥባሕቲ ዝተሳተፈ - ኣብ ምክትታል ትምህርቲ ሓፈሻዊ መጥባሕቲ ዝርከብ ዶ/ር ስምኦን ወልዱ ብወገኑ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ንፈለማ ግዜ ዝተኻየደ ኣገዳስን ዕዉትን መጥባሕቲ ምስታፉ፡ ኣብ መጻኢ ንዝካየድ ተመሳሳሊ ንጥፈታት ዓቢ ተመክሮ ንምጥራይ ከምዝሓገዞ ኣብሪሁ።

ወላዲ ናይ'ቲ መጥባሕቲ ዝተኻየደሉ መንእሰይ ደማ፡ ወዱ "ኣሞርደዮ" ብዝበሃል ርድኢት ንዊሕ ዓመታት ብሕማም ክሳቐ ምጽንሑ ብምሕባር፡ ሳላ ዝተገብረሉ ሕክምናዊ መጥባሕቲ ጥዕንኡ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዝርከብ ኣፍሊጡ።

እቲ መጥባሕቲ ዝተኻየደሉ ሕሙም፡ ኣብ ሓደ ካብ 25 ሽሕ ሰባት ዝርአ ፍሉይ ሕማም ከምዝኾነ ክኢላታት ይሕብሩ።



ስእሊ በረኸት የማን

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ቆርበትና ኣብ ጥዕናና

ብዛዕባ ኣካላት ሰብነትና ክንሓስብ እንከለና፡ ቀዳማይ ናብ ሓንጎልና ዝመጽእ እንተሎ - ልቢ፡ ሳንቡእ ወይ ኮሊት እዩ። ኣብ ሰብነትና ዝዓበየን ኣገዳስን ኣካል ኮይኑ ዘሎ ብዙሕ ግዜ ንዝንግዖ ኢና - ቆርበትና።

ቆርበትና ካብ'ቲ ብምርኣይ ጥራይ ዝህቦ ደጋዊ ጸባቕ፡ ንጥዕናና ኣገዳሲ ዝኾነ ሓያሎ ውሽጣዊ ንጥፈታትን ጥዕናዊ ጥቕምን እዩ ዘለዎ። ተጓዳእቲ ታህዋስያን ናብ ውሽጢ ኣካላትና ኣትዮም፡ ሕማም ከየስዕቡልና ይከላኸል። ሙቐት ሰብነትና ይቆጻጸር። ጥዕና ዘለዎ ቆርበት፡ መግለጺ ጥዕና ዘለዎ ሰብነት'ውን እዩ።

**ቆርበትና እንታይ እዩ ጥቕሙ?**

ቆርበትና ንኣስታት 15 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ክብደት ሰብነትና ሽፊኑ ይርከብ። ካብ'ቲ ንሰብነትና ኣብ ምሽፋን ዘለዎ ተራ፡ ካልእ ሓያሎ ኣገደስቲ ጥቕምታት እዩ ዘለዎ።

- ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ይፈጥር።
- ውሽጣዊ ኣካላት ሰብነት ብዘይግቡእ ከየጽንን ከይጥፉን ሽፈኑ/ሓቒፉ ይሕዞም።
- ካብ ውሽጢ ሰብነትና ዘየድሊ ረሳሓት ብመንገዲ ረሃጽ ንደገ ከም ዝወጽእ ይገብር።
- ቫይታሚን 'ዲ' ብጽምረት ከም ዝፈሪ ይገብር። ቆርበትና ነቲ ቫይታሚን ካብ ዝወሰድናዮም መግብታት እዩ ዝምስርሖ።
- 'ሜላኒን' (melanin) ይሰርሕ፡ 'ሜላኒን' ቆርበትና ሕብሪ ከም ዝህልዎ ዝገብር ባእታ እዩ።
- ብምድህሳስ ነገራት ዘለዎ ጠባይን ቅርጽን ክለሊ ይሕግዘና።

**ካብ ወረርቲ ታህዋስያን ይከላኸል**

ቆርበት ወዲ ሰብ እቲ ዝተረረ ላዕለዋይ ዋህዮኣዊ ሽፋን ናይ ሰብነት እዩ። እቶም ኣብ'ቲ ቆርበት ኣቕሚም ዝርከቡ ብዋህዮታት ዝተሰርሑ ቀጻላታት፡ በዐውዚኦም ስለ ዝሕደሱ ካብ ዝኾነ ረኽሲ ንምክልኻል ኣይጽገሙን። ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ቆርበት ዝርከቡ ጸኒታት (glands) ስብሓዊ ኣሲድ ዝኣመሰሉ ቅብኣት ስለ ዘመንጭዉ፡ ዝኾነ ኣብ ደገኣዊ ኣካላትና ክዓልቡ ዝኽእሉ ባክተርያ ከም ዝጠፍኡ ይገብር።



ላዕለዋይ ቀጸላ ቆርበት 'ኢፒደርሚስ' (epidermis) እዩ ዝበሃል። እዚ ቀጸላ'ዚ ካብ ቫይረስ ይኹን ባክተርያ ንምክልኻል ዝሕግዝ ቀዳማይ ደገኣዊ ድርዒ እዩ።

ምንም ጉድኣት ዘይብሉ ጥዑይ ቆርበት፡ ሰቡብ ሕማም ዝኾኑ ታህዋስያን ናብ ውሽጢ ኣካላትና ንኸይኣትዉ ይከላኸል። ዝቖሰለ ወይ ዝዓነወ ቆርበት ግና፡ ናብ ውሽጢ ቆርበትና ኣትዩም ረኽሲ ቆርበትን ካልእ ዝተፈላለዩ ውሽጣዊ ሕማማትን ክፈጥር ይኽእል።

ድልዱልን ጥዕና ዘለዎ ቆርበትን ዘለዎ ሰቡ፡ ሰቡብ ሕማም ዝኾኑ ታህዋስያን ክበስዕዎ ወላ እንተፈተኑ፡ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ልዑል ስለ ዝኾነ፡ ክሕልፍዎ ኣይክእሉን።

ቆርበትና 'ኢፒደርማል ከራቲኖሳይተስ' (epidermal keratinocytes) ዝተባህሉ ዋህዮታት ዝሓቘፈ እዩ። እዞም ዋህዮታት'ዚኦም፡ ጸረ-ቫይረስ፡ ጸረ-ባክተርያን ጸረ-ፋንጋሳን ዝኾኑ ፕሮቲንን ካልኦት ዝተፈላለዩ ኬሚካላትን የፍርዩ እዮም።

ኣብ ቆርበትና ዝርከብ 'ሰባሸዮስ' (sebaceous) ዝተባህለ ስብሓዊ ጸኒ፡ ንባዕሉ፡ ቅብኣት ስለ ዘንዝዕ ኣብ ቆርበትና ተወሳኺ መከላኸሊ ድርዒ እዩ ዝፈጥር። ብተወሳኺ፡ ቆርበትና ተዓጻጻፊን ልሙጽን ክኸውን ስለ ዝሕግዝ ጥዕና ክህልዎ ይገብር።

ንጭዋዳታት፡ ኣዕጽምቲ፡ ውሽጣዊ ኣካላትን ስርዓተ መትንን ሓቒፉ ንምሓዝ የገልግል

ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ቆርበት ሰብነትና፡ ሕማም ኣብ ምክልኻል ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን።

ሳልሳይ ቀጸላ ቆርበት ሰብነትና ማለት ሃይፖደርሚስ (hypodermis) ወሀደት ናይ ስብሒ ኣለዎ። ከም ተፈጥሮኣዊ ናይ ተዘዚታ መለለዩ ኮይኑ ድማ ይነጥፍ። ኣብ ሰብነትና ዝኾነ ጉድኣት ወይ'ውን ሰንባዲ ኪጋጥም እንከሎ፡ መልእኽቲ ብምቕባል ቆርበትና ንምክልኻሉ ድሉው ከም ዝኸውን ይገብሮ።

**ረሃጽ የውጽእ**

ረሃጽ ምልክት ከቢድ ዕዮ ንምፍጻም ናይ እንገብሮ ጻዕሪ ጥራይ ኣይኮነን። ረሃጽ ቆርበት ሰብነትና ምጡን ምቐት ከም ዝህልዎ ብምግባር፡ ሰብነትና ኣብ ምክልኻል ግቡእ ስርሑ ክካየድ ይሕግዞ እዩ።

ረሃጽ ብኽልተ ጸኒታት ናይ ሰብነትና እዩ ዝፍጠር። 'ኤክሪን ግላንድ' (eccrine gland) ንዝበዝሐ ክፋል ሰብነትና ሽፊኑ ዝርከብ ኮይኑ፡ ንቀጸላታት ቆርበት ሰብነትና ከም ዝኽፈት ዝገብር እዩ። 'ኣፖክሪን ግላንድ' (apocrine gland) ንቆርበት ናይ ጸጉሪ ከም ዝኽፈት ዝገብር ኮይኑ፡ ኣብ ቆርበት ቅርቅርቲ፡ ትሽትሽ ከምኡ'ውን ኣብ ረቃቒቶ ይርከብ።

**ቫይታሚን 'ዲ' የፍሪ**

ቆርበት ሰብነትና እኹል ጸሓይ ብርሃን ምስ ዝረክብ፡ ቫይታሚን 'ዲ' የፍሪ እዩ። ቫይታሚን 'ዲ' ኣብ ሰብነትና ሓያሎ ጥቕምታት እዩ ዘለዎ።

- ንድልዳለን ጥዕናን ዓጽሚ ይሕሉ።
- ካብ መንሽሮ ቆርበት ይከላኸል።
- ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ቆርበት ሰብነት የገልግል።
- ካብ 'ሶርያሰስ' (psoriasis) ዝተባህለ ሕማም ቆርበት ይከላኸል። 'ሶርያሰስ' ቫሕቲር ቀይሕ ፍንፉእ ዝምልከቱ ሕማም ቆርበት እዩ።

**'ሜላኒን' ይዕቅብ**

'ሜላኒን' ሕብሪ ቆርበትና ዝውስን ኣብ ላዕለዋይ ቀጸላ ቆርበት ሰብነትና ዝርከብ ባእታ እዩ። 'ሜላኒን' ካብ'ዚ ኣብ ምሃብ ሕብሪ ተወሳኺ ጥቕሚ እዩ ዘለዎ። ካብ 'ኣልትራቫዮለት ረይ' (UV rays) ንምክልኻል ይሕግዝ። 'ኣልትራቫዮለት ረይ' ሓደገኛ ጸርጊ ጸሓይ ኮይኑ፡

- ምቅጻል ቆርበት፡
- መንሽሮ ቆርበት፡
- ኣብ ዘይዕድመኡ ምእራግ ዝፈጥር ምዕጣር ቆርበት ሰብነት፡
- ምምጣጥን ምትዕጽጻፍን ቆርበት ሰብነት የጉድእ።

**ምድህሳስ**

ንፈትዎም ክንሓቁፍ ምስ ዘይንኽእል፡ ኩናን ምስ ተኸደንና ወይ ምስ ኣውጻእና ዝሎ ማጠን ሙቐት ክስዕማቐር ምስ ዘይንኽእል፡ ነገራት ሒዝና ለሚጽ ደዩ ሓርፋፍ፡ ዓቢ ደዩ ንእሹቶ፡ ውዑይ ደዩ ዝሑል ክንፈልጥ ምስ ዘይንኽእል ህይወትና ከመይ ምኾነት። ነገራት ምስ ዳህሰስናዮም የቐንዘዉ ደዩም ወይስ ባህታ ዝፈጥሩ ክንፈልጥ ዘኽእለና'ኮ ቆርበትና እዩ።

ቆበትና ዝተፈላለዩ ጠባያት ዝቕበል ሓያል ዓቕሚ እዩ ዘለዎ።

- 'ቴርሞረሴፕቶር' (thermoreceptor) - ሙቐት ንምልላይ ይሕግዝ።
- 'ኖሲሴፕቶር' (nociceptor) - ሓደ ነገር ንኣብነት መጉዳእቲ ቃንዛ ኣለዎ ደዩ የብሉን ንምልላይ ይሕግዝ።
- 'ሜካኖረሴፕቶር' (mechanoreceptor) - ኣብ ሰብነትና ዝፍጠር ደገኣዊ ጸቕጢ ንምልላይ ይሕግዝ። ንኣብነት፡ ብኢድ ሰላምታ ንዝፍጠር ሓይሊ ወይ ጸቕጢ ቀዳማይ ዘለልዮ ቆርበትና እዩ።

ቆርበት ሰብነትና ብኸመይ ንክናኸኖ?

ዕድመ ብዘየገድስ ልሙጽን ዘይዓጠረን ቆርበት ሰብነት ክህልዎ ዘይደሊ ሰብ የለን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዚ ክዉን ንምግባር ሓያሎ ዘመን ኣምጽኦ መድሃኒታትን ክሬምን'ኳ እንተለዉ፡ ኣብ ጥዕና ቆርበት ሰብነትና ዘለዎም ሃሲያ ግና ኣመና ግሉን ከም ዝኾነ'ዮም ሓኪይም ዝሰማምዕሉ። ካብዚ ጉዳእቲ ነገራት ወጻኢ ብኸመይ ልሙጽን ጥዕና ዘለዎን ቆርበት ሰብነት ክህልወና ከም እንኽእል ዝሕብሩ ነጥቢታት ክንዘርዝር ኢና።፦

ጽሬት ቆርበትና ምሕላው፥

- ቆርበትና ብፍላይ ደማ ገጽና ንኽብቢና ዝተቓልዐ ብምዃኑ ኣብ'ቲ ከቢ ብዘለዉ ታህዋስያን፡ ጸርጊ ጸሓይ፡ ደሮናን ካልእ በከልቲ ኬሚካላትን ብቐሊሉ ክጥቃዕ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ብፍላይ ገጽና ኣብ መዓልቲ ክሳብ ክልተ ሳዕ ክንሕጸቦ ተመራጺ እዩ። ኣብዚ ብዙሕ ቅብኣ ዘይብሉ ፍኹስ ዝበለ ሳሙና ክንጥቀም ይግባእ። ገለ ገለ ኣብ ቆርበቶም ቅብኣት ዘይብሎም ሰባት ግና ቅብኣት ዘለዎ ተረር ሳሙና ክጥቀሙ ተመራጺ ይገብሮ።

ቆርበትና ዘለዎ ጠሊ ክንሕልወሉ ይግባእ፥ - እናዓበና ክንከይድ እንከለና ቆርበትና ንኽልስልስ ዝሕግዝ ቅብኣት ዘፍሪ ጸኒታት ኣካላትና እናጎደለ'ዩ ዝኸይድ። ድርቀት ቆርበትና ብቐጥታ ምጭምዳድ ዘስዕበ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ነቲ ጸገም ከም ዘቃላጥፎ ግና ክንስሕቶ የብልናን። ስለዚ ቆርበትና ጠሊ ክህልዎ እንተኾይኑ ብፍላይ ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ሲ' ዘለዎ ፍረታትን ኣሕምልትን ምምጋብ ኣገዳሲ እዩ።

ንሓያሎ ሰዓታት ንጸሓይ ብርሃን ዘይምቅላዑ ኑብስና ንጸሓይ ብርሃን ንሓያሎ ሰዓታት ከቃልዓ ዘይምኽኣልና እቲ ዝበለጸ ልሙጽ ቆርበት ሰብነት ክህልወና ዝሕግዝ ኣገባብ እዩ። 80 ሚእታዊት ቆርበት ሰብነትና ክዕንዉ ዝኽእሉ ከም ምዕጣር ቆርበት፡ ምብታኽ ሻምብቆታት ደም ኣብ ቆርበት፡ ከምኡ'ውን ናይ ቆርበት መንሽሮ፡ ንሓያሎ ሰዓታት ንጸሓይ ብርሃን ብምቅላዕና ዝስዕቡ ጸገማት እዮም።

ሕማቕ ልምድታት ኣወግድ፦ ካብ ከም ሽጋራ ምትኻኽን ጸዑቕ መስተ ምውሳድን ዝኣመሰሉ ልምድታት ነጻ ኩን። ኣብ ከተማ ሳልት ሌክ ሲቲ ኣብ ዝርከብ ዩኒቨርስቲ ዩታ ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ ሽጋራ ምትካኽ ቅድመ ዕድመኻ ምጭምዳድ ቆርበት ሰብነት ከኸትል ከም ዝኽእል ብመጽናዕቲ ክበጽሕዎ ክኢሎም ኣለዉ። ንሱዩም ኣብቲ ዘካየድዎ መጽናዕቲ ኣብ መዓልቲ ክሳብ ክልተ ጥቦ ሽጋራ ን25 ዓመታት ከየቋረጹ ዘትከኹ ሰባት ብምጭምዳድ ቆርበት ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ብሓሙሽተ ዕጽፊ ዝዛየደ ምዃኑ'ዮም ዝሕብሩ።

ኣብ እትወስዶም መግብታት (ድኑቕን ፈሳስን) ግቡእ ኣድህቦ ምግባር፦ ኣብ መዓልቲ ክንደይ ዝኣክል ማይ ሰቲኻ እትህቦ ኣቓልቦ ኣብ ኣቀራርባኻን መልክዕኻን ብዙሕ ለውጢ ከም ዘሎ ኣመራጻፂት ክኢላ ቆርበት ክሪስቲና ሃርት ትዛረብ። ኣብ መዓልቲ ካብ ሸዱሽተ ክሳብ ሸሞንተ ብኬሪ ማይ ወይ'ውን ካፌንን ኣልኮልን ዝተባህሉ ኬሚካላት ዘይብሎም ካልእ ዓይነት ፈሳሲ ምውሳድ፡ ቆርበት ሰብነትና ጠሊ ክህልዎ ሓጋዚ ምዃኑ እታ ክኢላ ትምዕድ።

ንሳ ኣስዒባ ኣመጋግባና ካብ ኣብ ልዑል ፕሮቲን ዘለዎም መግብታት ከም ኣሕምልትን ፍረታትን ዝኣመሰሉ ልዑል ቫይታሚን ዘለዎም መግብታት ምዝዛው ተመራጺ ምዃኑ ትገልጽ።

እወታዊ ኣተሓሳስባ ይሃልኻ፦ ጁብራቕ ናይቲ ኣብ ሓንጎልካ ዘሎ ኣተሓሳስባ ገጽካ እዩ ዝበል ኣበሃህላ ኣሎ። ሕርቃን፡ ጭንቀት፡ ጸቕጢ ኩሉም ዝኣረገ ቆርበት ንክህልወካ ዝገብሩ ኣሉታዊ ስምዒታት እዮም። ስለዚ ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ስምዒታት ተቖጠብ።




ምንጪ፦ mayo clinic

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሰኤ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ዲፕሎማስያዊ ዘይምቅዳው ኣውስትራልያን ኢራንን



ኣውስትራልያ፡ ንሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ መዝገብ ዝርዝር ኣሸበርቲ ከተእትዎ ምዃና ትሕብር ኣላ። መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ኣብ 2024 ኣብ ሃገሩ ኣብ ዝተኻየደ ጸረ ሴማውያን ዝኾነ ሸበራዊ መጥቃዕቲ፡ ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኢድ ከም ዝነበሮ ዘመልክት ጭብጥታት ከም ዝረኸበ ብምሕባር'ዩ ነቲ ስጉምቲ ወሲድዎ። ቀዳማይ ሚኒስተር ኣውስትራልያ ኣንቶኒ ኣልባኒዘ፡ እቲ ኣቓዲሙ ኣብ ከተማ መልበርን ኣብ ዝርከብ ቤት መቕደስ ኢየሁዳውያንን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ሲድኒ ኣብ ዝርከብ ናይ ኢየሁድ ቤት መግቢን ዝተኻየደ ሸበራዊ መጥቃዕቲ ኢድ ናይ ኢራን ከም ዘለዎ፡ ብትካል ውሽጣዊ ጸጥታ ሃገሩ ዝተረጋገጸ ሓበሬታ ከም ዘለዎ'ዩ ኣብ መግለጺኡ ሓቢሩ። ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ብኢራን ከም እተፈጸመ ዝጠቐሶ ሸበራዊ መጥቃዕቲ፡ ፍሉይን ሓደገኛን ምንባሩ ገሊጹ። በዚ እዩ ከኣ መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ቀንዲ ሃንዳሲ ናይቲ ሸበራዊ ስርሒት ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣንጻር ኢራን ተሪር መጠንቀቕታ ዘመሓላልፍ ዘሎ።

ብተወሳኺ፡ ዋና ዳይረክተር ትካል ስሊያን ጸጥታን ኣውስትራልያ ማይክ በርገስ እውን ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ካብ ጥቅምቲ 2023 ኣትሒዙ ኣብታ ሃገር ጸረ ሴማውያን ዝኾኑ ሸበራውያን መጥቃዕትታት ኣብ ምህንዳስን ምፍጻምን ተጸሚዱ ከም ዝጸንሐ ኣረዲኡ። ኣብ ጥቅምቲ 2024፡ ኣብ ከተማ ሲድኒ ኣብ ዝርከብ ናይ ኢየሁዳውያን ማሕበረሰብ ቤት መግቢ ናይ ቦምብ መጥቃዕቲ ክካየድ እንከሎ፡ ቀጺሉ ድማ ኣብ ታሕሳስ 2024፡ ኣብ ከተማ መልበርን ኣብ ዝርከብ ናይ ኢየሁዳውያን ቤት መቕደስ ተመሳሳሊ ናይ ቦምብ መጥቃዕቲ ተኻዪዱ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ክልተ ተኸታታሊ ሸበራዊ መጥቃዕትታት ኣብ ሰብ ዘውረዶ ጉድኣት ከም ዘይነበረ እዩ ዝገለጹ። ድሕሪ'ቲ መጥቃዕትታት፡ መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ብመሰረት'ቲ ዝካየድ - ኣስታት ሓደ ዓመት ዝወሰደ መርመራ፡ ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብቲ መጥቃዕቲ ኢድ ከም ዝነበሮ ብጭብጥታት ከም ዘረጋገጸ ይሕብር ኣሎ። በዚ ከኣ'ዩ እቲ መንግስቲ ንሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ ዝርዝር ኣሸበርቲ ክእትዎ ወሲኑ ዘሎ። እቲ መንግስቲ ኣውስትራልያ ወሲድዎ ዘሎ ውሳነ ተግባራዊ እንተ ኾይኑ፡ ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ልክዕ ከም ኣልቃዒዳ፡ ዳዕሽን ካልኦት ሸበራውያን ጉጅለታትን ተራእዩ ከም ኣሸባሪ ሓይሊ ክቚጸር እዩ።

ብመሰረት ገበናዊ ሕጊ ኣውስትራልያ፡ እታ ሃገር ዝኾነ ጉጅለ ሸበራዊ ንጥፈታት ከም ዘካይድ ምስ እተረጋግጽ፡ ከም ኣሸባሪ ጉጅለ ኣብ ጸሊም መዝገብ ኣሸበርቲ ከተስፍሮ ምሉእ መሰል ኣለዋ። ብተወሳኺ፡ ኣብታ ሃገር ሓደ ጉጅለ ኣብ ጸሊም መዝገብ ኣሸበርቲ ክኣቱ ብቐዳማይ ሚኒስተር ወይ ብኻልኦት ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ሕቶ ምስ ዝቐርብ፡ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ኣውስትራልያ ነቲ ጉዳይ መርሚሩን ጭብጥታት ኣኪቡን ነቲ ጉጅለ ኣብቲ መዝገብ ከስፍሮ ምሉእ ስልጣን ኣለዎ። ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ዛጊት ኣብ ዝርዝር ኣሸበርቲ እኳ እንተ ዘይኣተወ፡ ብመሰረት እቲ ብትካል ውሽጣዊ ጸጥታ ኣውስትራልያ ተረኺቡ ዘሎ ጭብጥታት ግን፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብቲ መዝገብ ክሰፍር ከም ዝኽእል እዩ ዝግመት ዘሎ።

ቀንዲ ተሓባባሪ ሓለዋ ሰራዊት ሰውራ ኢራን ዝኾነ ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ፡ ኣብ 2021 ብተመሳሳሊ ክሲ ኣብ መዝገብ ዝርዝር ኣሸበርቲ ከም ዝኣተወ እዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ። መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ቀጺሉ ኣብ 2022 እውን ንፍልስጤማዊ ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ ኣብ መዝገብ ዝርዝር ሸበራውያን ከም ዘእተዎ፡ ጸብጻባት የመልክቱ። ብመሰረት ሕጊ መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ኣብታ ሃገር ዝኾነ ይኹን ኣካል ምስ ሸበራዊ ጉጅለ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ምስ ዝረጋገጽ፡ ክሳብ 25 ዓመታት ብጽንዑ ክእሰር ከም ዝኽእል እዮም እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ዘረድኡ።

ኣብዚ እዋን ጽልዋኡ ኣብ መላእ ኢራን እናዓበየ ከም ዝመጸ ዝንገረሉ ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር ወጻኢ ብምዃን ናይ ገዛእ ርእሱ ዕላማታትን ኣሰራርሓን ኣለዎ - ብመሰረት ጸብጻባት። እቲ ፍሉይ ወተሃደራዊ ኣሃዱ፡ ኣብ ትሕቲ ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ ኢራን ኣያቶላህ ዓሊ ኻመኒ ብምዃኑ፡ ንስትራተጂያውያን ሚሳይላት ኢራንን ኣብ ክሊ ኣየር ናይ'ታ ሃገር ንዝካየድ ኩሉ ንጥፈታትን ከም ዝከታተል ድማ ይንገረሉ። ኣብታ ሃገር ዝለዓለ ስልጣንን ናይ ምትግባር ሓይልን ዘለዎ ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ እቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝዓበየን ዝሓየለን መፍረ ሚሳይላት ኢራን እውን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ምዃኑ እዩ ዝሕበር። ካብ ተራ ልሙድ ሰራዊት ኢራን ኣዝዩ ዝፍለ ምዃኑ ዝንገረሉ ወተሃደራዊ ኣሃዱ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ብተወሳኺ፡ ብመንገዲ ናይ ስለያ መሓውራቱ ኣብሉ ኣብ ካልኦት ሃገራት'ውን ምስጢራዊ ስርሒታት ከም ዘካይድ'ዩ ዝግለጽ። ናይ ገዛእ ርእሱ ሓይሊ ኣየር፡ ሓይሊ ባሕርን ሓይሊ ምድርን ሰራዊት ዘለዎ እዚ ፍሉይ ኣሃዱ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣስታት 150 ሽሕ ወተሃደራት ሓይሊ ምድሪ ኣለዉ።

ኣብ 2019፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ቀዳማይ እብረ ስልጣኑ እንከሎ፡ ንሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ ዝርዝር ኣሸበርቲ ከም ዘስፈሮ ኣይርሳዕን። ብተመሳሳሊ፡ ካናዳን ኣርጀንቲናን እውን ኣብ 2024 ነቲ ፍሉይ ወተሃደራዊ ኣሃዱ ኣብ ጸሊም መዝገብ ከም ዘስፈራኦ እዩ ዝግለጽ። ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ስነ ፍልጠታውያን ምርምራትን መጽናዕትታትን ናይ'ታ ሃገር'ውን ተራ ከም ዘለዎ'ዩ ዝንገር። ብተወሳኺ፡ ብመንገዲ'ቶም ኣብ ሊባኖስ፡ ወሽመጥ ቓዛ፡ የመን፡ ሶርያን ዒራቕን ዝርከቡ - ንሱ ዝምውሎምን ዘዕጥቖምን ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብሉ ኣብ ካልኦት ሃገራት መጥቃዕትታት ከም ዘካይድን ከም ዝህንድስን ብዙሓት ወገናት ይሕብሩ። 'ቅዱስ' ዝተሰምየ ፍሉይ ኣሃዱ ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ኣብ ሊባኖስ ንዝንቀሳቐስ ዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህ፡ ሰፊሕ ክፋል የመን ተቘጻጺሩ ንዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ሖቲ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ንዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ ዘይተኣደነ ናይ ኣጽዋርን ፊናንስን ደገፍ ከም ዝገበረሎም እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰኔ እስራኤል ኣብ ኢራን ሓደሽ ወተሃደራዊ ስርሒት ብምኽያድ፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓይሊ ምድርን ጸጥታን ኣሃዱ 'ቅዱስ' ዝርከቦም ልዕሊ 30 ሓለፍቲ ብምቕንጻል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣሃዱ ከቢድ ክሳራ ከም ዘውረደት ዝዘከር እዩ።

እዚ ክምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣውስራልያ ኣብ ካምቤራ ዝርከብ ኣምባሳደር ኢራን - ኣሕመድ ሳደጊ፡ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት ጠቕሊሉ ክወጽእ ኣዚዛ ነይራ። በዚ ከኦ፡ እቲ ኣምባሳደር ዝሓለፈ ዓርቢ ካብታ ሃገር ከም ዝወጸ እዩ ዝሕበር ዘሎ። ብዘይካ'ቲ ኣምባሳደር፡ ካልኦት ሰለስተ ኢራናውያን ዲፕሎማሰኛታት'ውን ካብ ኣውስትራልያ ብህጹጽ ክወጹ እዩ መንግስቲ ካምቤዛ ኣዚዙ ዘሎ። ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣውስትራልያ ኣምባሳደር ክትሰጉግ እዚ ናይ ፈለማ ምዃኑ ዝሓበረት ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ናይ'ታ ሃገር ፔኒ ቮንግ፡ ኣብ ጣህራን ዝርከብ ኤምባሲ ኣውስትራልያ እውን ስርሑ ንግዚኡ ደው ከቢል ትእዛዝ ኣመሓላሊፋትሉ ከም ዘላ ኣፍሊጣ። ንሳ ወሲኻ፡ ኣብ ኢራን ዝርከቡ ዲፕሎማሰኛታትን ዜጋታትን ኣውስትራልያ ብቕልጡፍ ክወጹ'ውን ጸዊዓ ኣላ።

ኑቲ ስጉምቲ ብትሪ ዝኾነነ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን - ዓባስ ኣራግቺ፡ መንግስቲ ኢራን ይኹን ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ ዝኾነ ሸበራዊ መጥቃዕቲ ተሳቲፉ ከም ዘይፈልጥ ኣረዲኡ። ንሱ ወሲኹ፡ ነቲ ብመንግስቲ ኣውስትራልያ ዝተወሰደ ስጉምቲ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ተመጣጣኒ ግብረ መልሲ ክወሃቦ ምዃኑ ኣጠንቂቑ። ኣውስትራልያ ንሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ መዝገብ ኣሸበርቲ ንምስፋር ወሲዳቶ ዘላ ውሳኔ፡ ድፍኢት ናይ እስራኤል ዘለዎ ምዃኑ ዝጠቐሰ ዓባስ ኣግራቺ፡ መንግስቲ ኣውስትራልያ ንእስራኤል ከሐጉስ ክብል ብዘይ መጽናዕቲ ዝወሰዶ ውሳነ ምዃኑ ወቒሱ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣውስትራልያ ክሳብ ሎሚ ን31 ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ኣብ መዝገብ ዝርዝር ኣሸበርቲ ኣስፊራቶም ኣላ።



# ሓ ጺ ር ዛ ን ታ

## ኣብቲ እንዳ ቀምቃማይ




ኣንቶን ቸኮቭ

ንግሆ እዩ፣ ገና ሰዓት ሸውዓተ ኣይኣኸለን። ማኮር ኩዝሚች ብልየኽን ዝውንኖ ትካል መቐምቀሚ ጸጉሪ ርእሲ ግን ድሮ ተኸፊቱ ነበረ።

ንባዕሉ ኑብሱ ዘይጸረየ ዋና ትካል፡ ገጹ ብቅብኣት ለቐሊቑን እታ ዝጸበቐት ክዳኑ ወደዩን እናስወንወ፡ ነቲ ገዛ ኣብ ምስራፅን ምጽራይን ተጸሚዱ ነበረ። ሓቂ ንምዝራብ፡ እቲ ገዛ ክጸሪ ዝግብኦ ዝጠቅም ንብረት የብሉን። ንሱ ግን ክሳዕ ብርሃጽ ዝጥልቂ ትም ኢሉ ይሰርሕ። ኣብ ሓደ ስፍራ ብጨርቂ ይውልውል፣ ኣብቲ ካልእ ብኣጻብዑ ገለ ነገር ይሕግሕግ፣ ኣብ መንደቕ ዝንቀሳቐስ ትኻን እንተረኸበ ይቐትሎ፣ ብኡ ንብኡ፣ ነቲ ብደም ዝጸየቐ መንደቕ የጽርዮ።

እታ እንዳ ቀምቃማይ ንእሽቶ ኮይና ጸቢባን ጋዕጋዕን እያ። ብኣገናድ ዝተሃንጸ ኣርባዕተ መናድቃ፡ ዝኣረገ ቀርበት ኮረሻ ፈረስ ብዘመስል ወረቐት ዝተሸፈነ እዩ። ኣብ መንጎ ክልተ ጸራራትን ሃፉ ዝመልኣን መሳኸቲ፡ ሓደ 'ዓቓቕ!' እናኸበል ኑብሸካ ዝሰቅቕ ቁንቋን ማዕጾ ኣሎ። ኣብ ልዕሊኡ፡ ብሽግኪ ኣውሊ፡ ብቀጠልያ ሕብሪ ዝተደወነ ከይተተኻኸፈ ዘንቀጥቅጥን ረቋሒ ደምጺ ዝፈጥርን ደወል ተንጠልጢሉ ይርኣ።

ኣብ ፊት ናይቲ መቐምቀሚ ኮርሲ፡ ኣብ መንደቕ ዝለገበ ደብዛዘ መስትያት ኣሎ። ናብኡ እንተጠሚትካ፡ ሃንደበት ገጽካ ተጠዋወዩ ይጸንሖካ'ሞ፡ ትሰንብድ። ዕዮ ምቕምቃም ጸጉሪን ምልጻይ ጭሕምን ኣብ ቅድሚ እዚ መስትያት'ዚ እዩ ዝፍጸም።

ኣብቲ ትካል ዝርከብ ጣውላ፡ ከም ማኮር ኩዝሚች ብልየኽን ዘይተሓጸበ ክሱ ብቐብኣት ተለቀሊቑ እዩ። ኣብቲ ጣውላ፡ መመሸጥ፡ መቐስ፡ ላሜ፡ ንመላጸዪ ጭሕሚ ዝገልግል ብሕሱር ዝሸየጥ ስፖንዒ፡ ከም እውን ገለ ሓርጭ ተቐሚጡ ይርአ። ኣብ ውሽጢ'ዛ እንዳ ቀምቃማይ ዝርከብ ንብረት ኩሉ ተደሚሩ፡ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ኮፔክ ዝሓልፍ ኣይኮነን።

ብዘለፍዐ ቊርበት ጠባዕ ዝተሰርሐ ጃኬት ገዚፍ ሳእኒን ዝወደየ ሓደ ሽማግለ ሱብኣይ ናብቲ ትካል እንክኣቱ፡ እቲ ኣረጊት ማዕጾ ነቲ 'ዓቓቕ!' ዝብል ግናይ ድምጹ ኣስምዐ፣ እቲ ረቋሒ ደወል ድማ ተቐምቃማይ ከም ዝመጸ ኣበሰረ። እቲ ሽማግለ ገጹን ክሳዱን ኣንስቲ ብዘወድይኦ ሸጉማኖ ተጉልቢቡ እዩ ናብቲ እንዳ ቀምቃማይ ዝኣተወ። ኤራስ ዩጋዶቭ ኢቫኒች እዩ ዝበሃል። ንማኮር ኩዝሚች ብልየኽን ባልገኡ (ናይ ጥምቀት ኣቦኡ) እዩ። ኤራስ ኢቫኒች እቲ ቀደም ግዜ ሰይቲሰይቲ ሓላዊ ማዕጾ ቤተ ክርስትያን እዩ ዝነበረ። ድሕሪኡ ግና ሰራሒን ጺጋንን መሸገሮ ኮይኑ፣ ቀይሕ ራህያ ኣብ ዝበሃል ከባቢ ክነብር ጀመረ።

"ማኮር ኩዝሚች፡ ከመይ ወዓልካ፣ ደሓን ዲኻ እዚ ወደይ፣" በሎ ኤራስ ኢቫኒች፡ ነቲ ኣብ ስራሑ ተጸሚዱ ዝጸንሖ ማኮር ኩዝሚች። ተሰዓዒሞም ሰላምታ ምስ ተለዋወጡ፣ ኢቫኒች፡ ኣብ ሓደ መንበር ኮፍ ኢሉ እግሩ ኣመሳቐለ። ባልገኡ ብምዃኑ፡ ኩሉ ሳዕ ኪይከፈለ እዩ ዝቕምቀም። ስክፍታ የብሉን። ድሕሪ ምቕምቃሙ ግን ከም ዓቢ ድኻሙ ነቲ መንእሰይ ወዲ ማኮር ኩዝሚች ኣማስጊኑ መሪቑዎ ይኸይድ።

"ክንደይ ይነውሕ መገዲ እዩ በጃኻ!" በለ ኢቫኒች። እሕሕ! ኢሉ ጉረሮኡ እናጸረየን ናይ ድኻም ምልክት እናርኣየን። "የላግጽ የለኹን ማኮር ኩዝሚች! ካብ ቀይሕ ራህያ ናብ ካሉጋ ቀሊል መገዲ ኣይኮነን!"

"ከመይ'ከ ኣለኻ፣" ሓተቶ እቲ ቀምቃማይ።

"ሕማቕ! ረስኒ በርቲዑኒ ቀንዩ እዚ ወደይ።"

"ኣይትብለኒ! እንታይ ረስኑ!"

"ኣብ ዓራት እየ ወሪሐ። ኣረ ዝመውት መሲሉኒ ነይሩ። ፈውሲ ምእንቲ ክኾነኒ ኢለ ብዙሕ ቅብኣት እየ ተለኽየ። ብኡ ይኸውን ጸጉረይ ካብ ንቡር ንላዕሊ ኣመና ዘጊፉ ዘሎ። ሕጂ ግን ሓኪም ተላጸዮ ኢሉኒ። ድሕሪኡ፣ ከም ብሓዳሽን ብጾዕቂን ክበቑሉልካ እዩ ክብል ኣረጋጊጹለይ። ሽዑ 'ናብ ማኮር ክኸይድ ኣለኒ' ክብል ወሰንኩ። ርኢኻ እዚ ወደይ፣ ካብ ናብ ካልኦት ናብ መቕርብኻ ክትከይድ እዩ ዝበለጸ። ኣጻብዒቑ ይላጸዩካ። ዓሰበይ ኣሉ ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይወስደልካን። መቸም ነገርካ እዩ። ርሑቕ መገዲ እየ ተጓዒዘ፡ ግን ናብ ትፈትዎ ሰብ ክትመጽእ ዘሸግር ኣይኮነን። ዋላ ሓንቲ፡ ዘይ እናሰገምኩ እየ መጺአ።"

"ከምቲ ድላይካ ክዝብረልካ እየ ኢቫኒች። ኮፍ በል ብኽብረትካ፣" ማኮር ብእግሩ ገይሩ ኣብቲ መቐምቀሚ መንበር ኮፍ ክበል ኣመልከተሉ። ኢቫኒች፡ ከሙቕጽበት ተንሲኡ ኣብ መቐምቀሚ መንበር ኮፍ በለ። ድሕሪ ነዊሕ ቅነ ሕማም ምስሉ ኣብ መስትያት ምስ ረአየ ኣመና ተሓጎሰ። እቲ መስትያት፡ ንገጽ ኢቫኒች ኣቖሪኖ። ንከንፈሩን ኣፍንጫኡን ድማ ኣርጕዶ። ነተን ኣዒንቱ ድማ ኣብ ግንባሩ ዘለዋ ኣምሰለን።

ማኮር ኩዝሚች ንምማሉ ብዓሚ ትኳዕ ትኳዕ ብዘለዎ ኣንሶላ ሽፊኑ ክመቕሶ ጀመረ።

"ልምጽምጽ ከም እትብል ገይረ ክላጽየካ'የ፣" በለ ኩዝሚች።

"ጸቡቕ፡ ከምኡ እንተ ገይርካ ደኣ ኣብል ሰራዊት ታርታር ወይ ቱርኪ ከተምስለኒ ኢኻ፣ ብዘየገድስ ግን ከምቲ ሓኪም ዝበሎ፡ እቲ ጸጉሪ ምዝጋዱ ኣይተርፎን'ዩ፣ ሽዑ ከኣ ደጊመ ክርእየካ ክመጽእ እዩ።"

"እምበይተይ ከመይ ኣላ፣"

"ኣይሓሰማ ኣይጠዓማ! መንነ-መነነ። ብቐዳማይ ንሰበይቲ ሓደ ማጆር ኣሕሪሳ። ጸማኺ ኢሎም ሓደ ሩብል ሂቦማ።"

"ዋይ! ሓደ ሩብል ጥራይ። . . በል እዝንኻ ሓዘለይ።"

"ሐዚዮ ኣለኹ። ኣስተውዕል ከይትጨርመኒ። እውይ! ማኮር ሃሲኻኒ! ጸጉረይ ትምንጭጨኒ ኣለኻ።"

"ኣጆኻ ዋላ ሓንቲ ኣይኮነን። ኣብ ዕዮና ልሙድ ነገር እዩ። ኣና ኣራስቶብናኸ ከመይ ኣላ፣"

"ኣና ጓለይ ጽቡቕ ኣላ። ሕጂ እሞ ከኣ ብሓንስ ጥር-ጥር እያ ትብል ዘላ። ዝሓለፈ ረቡዕ ምኻኑ እዩ፣ ንሽዬኪን ኣሕጺናያ. . . ስለ ምንታይ ኢኻባ ሽዑ ዘይመጻእካ፣"

ኢቫኒች ነዘን ቃላት እዚኣን ምስ ተዛረበ፣ እታ መቐምቀሚት መቐስ ብቐጽበት ስራሓ ኣቋረጸት። ኩዝሚች ምቕምቃም ገዲፉ፡ ኣእዳዉ ንታሕቲ ኣውሪዱ፡ እናፈርሐ ንኢቫኒች ናብ እዝኑ ቀሪቡ ሓተቶ።

"መን'ያ ተሓጺያ፣"

"ኣና።"

"ከመይ ማለት እዩ'ዚ፣ ንመን፣"

"ንሽዬኪን፡ ሓትኖኡ፡ ዚላየስተንሲኪ ኣብ ዝበሃል መገዲ ኣርብዓ ገዛ ኣለዋ። ጥቅውቲ ሰበይቲ እያ። ኣምላኽ ይመስገን፡ ቡቲ መውሰቦ ኣመና ተሓጎስና ኣለና። እቲ መርዓ ድሕሪ ሰሙን ክፍጸም'ዩ። ማኮር ወደይ ኣብቲ ኣቦና እንተ መጺእካ፡ ጸቡቕ ግዜ ክሕልፍ ኢና።"

"ግን ከመይ እዩ'ዚ፣" ዝሰንበደን ገጹ ዝፈሰመን ኩዝሚች ሕቖኡ ኣንቀጥቀጠ፡ ኣብ መላእ ኣካላቱ ዛሕሊ ዝሕው በሎ። "ዝይከውን ነገር እዩ'ዚ፡ ኣና ኣብ ልበይ ሰፊራ እያ። ዕላማ ነይሩኒ። እዚ ነገር'ዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን፣"

"ከምኡ ኢልካ'ዶ ዘረባ ኣሎ እዩ። ኣሕጺናያ ቢቃ። ንሱ ከኣ ጥዑይ ሰብ እዩ።"

ገጽ ኩዝሚች ብዘሕሉል ረሃጽ ተጠምቀ። መቐሱ ኣብ ጣውላ ኣንቢሩ፡ ኣፍንጫኡ ብሓንቲ ኢዱ ሓሰየ።

"ዕላማ ነይሩኒ እብለካ ኣለኹ!" በለ ብሓውሲ ቁጥዐ። "ፍጹም ኣይከውንንን'ዩ እዚ! ብፍቕራ ተጠቒዐ እየ! ልበይ ሂበያ፡ ንሳ እውን ቃል ኣትያትለይ እያ። ንዓኻ'ውን ትፈልጥ ኢኻ፣ ልክዕ ከም ኣቦይ እየ ዘኽብረካ፣ ጸጉርኻ ብጥርሑ ይቐምቀመካ፣ እምነዘዞካ ደማ። ኣቦይ ምስ ሞተ ኣብ ርእሲ'ቲ ብጥረ ገንዘብ ዝወሰድካዮ ዓሰርተታት ሩብል ሓደ ከርሲ እውን ተማሊእካ ምኻድካ ትፈልጥ ኢኻ፣ ብድሕሪኡ ኣይመለስካዮን፣ ትዝክሮ'ዶ፣" ብእንጸርጸሮት ተዛረበ ኩዝሚች።

"ብርግጽ እዝክሮ። እቲ ዘሎ ሕቶ ግን ምሳኻ ዝግበር መውሰቦ ከመይ ዓይነት'ዩ ዝብል እዩ። ገንዘብ ይኹን መዝኑት የብልካን። ሞያኻ ድማ ብላሽ እዩ።"

"ሽዬኪን'ከ ሃብታም ድዩ፣"

"ሽዬኪን ኣባል ሓደ ማሕበር እዩ። ኣብቲ ማሕበር ክሳዕ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእቲን ሩብል ዝበጽሕ ቅሙጥ ገንዘብ ኣለዎ። ሕጂ ግን ብዘዕባኡ ምዝራብ ዋጋ የብሉን እዚ ወደይ! እቲ ጉዳይ ተወዲኡ እዩ፣ ዝቕየር ነገር የለን። ንስኻ ካልእ ጓል ድለይ። ዓለም ጸቢብ መዓስ ኮይና፣ ዝፀምርዓወን ወዲ ዝደልያ ኣዋልድ መዓስ ውሒደን፣ ሕጂ ምቕሳይ ጥራይ እዚ ወደይ!"

ኩዝሚች ኣጽቀጠ። ምንቅስቓስ'ውን ኣቋረጸ። ድሕሪኡ፡ ካብ ጁባኡ መንዲል ኣውጺኡ ረሃጹ ደረዘ። ኣይጸንሐን፡ ብኽያት ሰዓሮ፡ ፊቕ በለ።

"ወይለይ! እንታይ ማለት እዩ'ዚ፣" ኢቫኒች ከጸናንዖ ጀመረ። "ቊሩብ ሕነኽ! ከም ሰበይቲ ትንኽነኽ! ፈለማ ምቕሳኒ እሞ ሰራሕካ ወድእ፣ ድሕሪኡ፡ እንተደለኻ ብኽያት ተረኻኸበሉ። ነቲ መቐስ ኣልዕሎ እንታይ ተርእዩና ኣለኻ!"

ኩዝሚች ነቲ መቐስ ኣልዒሉ ንቑሩብ ግዜ ትም ኢሉ ጠመቶ። ደሕሪኡ፡ ኣእዳዉ ኣንፈጥፈጦ። ደጊሙ ነቲ መቐስ ኣብ ጣውላ ኣንበሮ።

"ኣይከኣልኩን፣ በቃ!" ሓሳቡ ገለጸ ማኮር ኩዝሚች። "ኣይትሓዘለይ! ሕጂ ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይከኣልን እየ። ሓይለይ ተጸንቂቑ ኣሎ። ምሕረ ሓዚን ኣለኹ። ርግጸኛ እየ፡ ንሳ'ውን ከማይ ብሓዘን ከምትር ኢላ ኣላ። ተፋቲና ነይርና። ቃል ተኣታቲና፡ ድንጋጸ ብዘይፈልጡ ሰባት ድማ ተፈላሊና። ኪደለይ በጃኻ! ተንስእ! ውጻለይ! ኣብ ቅድመይ ክርእየካ ኣይደልንየ።"

"እንታይ ትብል፣" ሰንበደ ኢቫኒች። "እሞ ጸባሕ'ዶ ክመጽኣካ፣ ክትውድኣለይ።"

"ሕራይ! ሕራይ! ሕጂ ጥራይ ኪደለይ"

"በል ሃዳእካ ሕደር፡ ኣንገሀ ክመጽኣካ እየ።" ኢሉ ነቲ ቀምቃማይ መኽሰቡ ጡበጦ።

ፍርቂ ርእሱ ዝተላጸየ ኢቫኒች ገበኛ መሰለ። ፍርቂ ልጹይ ፍርቂ ዘጋፍ ምዃኑ ግርማ የብሉን። ግን ዝኾነ ኣይነበሮን፣ ርእሱ ብሸጉማኖ ሸፊኑ ካብቲ እንዳ ቀምቃማይ ወጺኡ ነቲ ሃዊሕ መገዲ ቤቱ ተተሓሓዘ። ንበይኑ ዝተረፈ ኩዝሚች ከኣ ብድሕሪኡ ሰብ ኣብ ዘይብሉ ብዘየኽዕየት ምንኽናኹ ቀጸለ።

ኤራስ ዩጋዶቭ ኢቫኒች፡ ንጽባሒቱ ነዊሕ መገዲ ተጓዒዙ ናብቲ እንዳ ቀምቃማይ ተመልሰ።

"እንታይ ደሊኻ መጺእካ፣" ኩዝሚች ብዘሕሉል መንፈስ ሓተቶ።

"ክትውድኣለይ መጺአ፣ ፍርቂ ጸጉረይ ኣይተመቕሰን።"

"በል ንሸኻውን ብኽብረትካ ዓቢ ድኻመይ ኣቐዲምካ ክፈለኒ። ድሕሪ ደጊም ብጻ ምቕምቃም ዝበሃል የለን።"

በቲ ደጦላ ዘረባ ዝፈዘዘ ኢቫኒች፡ ቃል ከየተንፈሰ ካብቲ እንዳ ቀምቃማይ ሰሊሑ ኢሉ ወጸ።

ድሕሪኡ ናብ ካልእ እንዳ ቀምቃማይ ኣይከደን። ፍርቁ ልጹይ ፍርቁ ዘጋፍ ኮይኑ ቀጸለ።

ኤራስ ዩጋዶቭ ኢቫኒች፡ ገንዘብ ከፊልካ ጸጉርካ ምስትኽኻል ከም ምሕሻሽ እዩ ዝሓስቦ። እቲ ዝተላጸየ ክፋል ጸጉሪ ርእሱ 'ባዕሉ በቖሉ ምስቲ ዘጋፍ ክመዓራረ'ዩ' ኢሉ ስለ ዝሓሰበ ክሳብ ዝበቍል ክጸበዮ ወሰነ። ኣብ መርዓ ጓሉ ድማ፡ ፍርቁ ለጻይ ፍርቁ ዘጋፍ ኮይኑ ክሰዕስዕ ወዓለ።

ትርጉም፡ ሰለሙን በርሀ



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዑደት ኣዋልድ ደብዳቢ ቀይሕ ባሕሪ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ኤረና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:15 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ስነ ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ዲህሳሰና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሎብ ደሓን ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ቃለ መሕተት ምስ ደራሲን ዳይረክተርን ብዛዕባ ፊልም ዘሩባቤል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ዝኽሪ መስከረም
# ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዱብሓ

(6ይ ክፋል)

ነጸረኣብ ኣዛዚ - ከረን

## ውግእ ባላምንዳ - 4 ሚያዝያ 1962

ኣብ ፈለማ ሚያዝያ 1962፡ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝመርሖም ተጋደልቲ፡ ድሕሪ ነዊሕን ኣድካምን ጉዕዞ ካብ ከባቢ ኦማል ተበጊሶም ዓበይቲ እምባታት ኣብ ዝርከብ ባላምንዳ በጽሑ። ሓምድ ኣብኡ እውን ኣይቀሰነን፡ ገና ማይ ከይሰተዩ ዋርድያ ከውጽኡ ኣዘዙ፡ እቲ ትኩርን ትሑትን ወዲ 45 ዓመት ሓምድ ፍንቲ ቀዳማይ ዋርድያ ወጽአ። እንተኾነ ሓለዋ ሓምድ ፍንቲ ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣየተኣማመኖን፡ በዚ ድማ መሓመድ እድሪስ ሓጅ "ኣነ'ሞ ዋርድያ ዘይወጽእ" ኢሉ ኣብ ብርኽ ዝበለ ኩርባ ወጺኡ ከባቢኡ ኩሉ ኣቋሚቱ ተመልከቶ።

"ኣል በለድ ኑዴፍ" (መሬት ሰላም ኣላ) በሎ ንሓምድ።

ሓምድ ዓዋተ ኑበሱ ነጊሩዎ ደዩ፡ ሰኽፍክፍ ኢሉዎ፡ ወይስ ጸላኢ ክሰዕቦም ከም ዝኽእል ገሚቱ፡ "ኣንታ ወዲ ኑዴፍ ኣይትበል፡ በለድ ኑዴፍ ዝበሃል የለን" ኢሉ ተቖጥዖ።

መሓመድ ኣደም ኣሚር "ክሳብ ክንድ'ዚ እንታይ'ዩ ዘሻገረካ፡ ኣነ ባዕለይ መሬት ክቆጻጸራ'የ፡ ቅሰን" ኢሉዎ ተበገሰ።

ድሕሪ ቁሩብ ዕረፍቲ፡ ናይ ሓምድ ሰክፍታታት ሻቕሎት ስለዝፈጠረሎም፡ ዑመር ዳምር ዝመርሓ መሳርዕ ታባ ደየቡ። ንጽጋም ወገን ድማ ግንድፍልን ዑመር እዛዝን ዝበሩወን ክልተ መሳርዕ ሓለዋ ወጹ፡ ሓምድ ምስ ኣብርጃላ ዝበሩዋ መሳርዕ ድማ ኣብታ ዘዕረፉላ ቦታ። ምናልባት ገለ እንተ ኣጋጢሙ፡ እቶም ብረት ዘይብሎም ጃለ ዘእሱሓቡሉ እምባ ብሓምድ ተሓብሮም። መሓመድ ኣደም ኣሚር ነታ ዋርድያ ዝበራ ታባ ጉዳፉ ኣብ ጎድና ናብ ዝበረት ካልእ በራኽ ታባ ወጺኡ ከባቢኡ ክቋምት ጀመረ። ኣይጸንሐን ናብኡ ገጹ ዘምርሕ ኣብ እግሪ ናይ'ታ ታባ ሓደ ቀበፅ ዝበረ ወተሃደር ረኣየ። ንብጹቱ ምልክት ገበረሎም። ዑመር ዳምር እውን ጸላኢ ስለ ዝረኣየ ከምቲ ልሙድ መጀመርታ ጥይት ሓምድ ክትኩስ ኣይተጸበየን። ዓስከር ጸላኢ ንመስርዑ ክኣትዉዋ ምስ ቀረቡ ቀዲሙ ተኩሱ። ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ መሬት ተላሒጎም ኩናታት ኣጸኒዖም እንታይ ክግበር ይከኣል ክሳብ ዝወስኑ ኣብ ዘዘበሩዎ ኣስቀጡ። ሓለቓኦም ግን ግዜ ኣይሃቦምን፡ "ክትፈርሑ የብልኩምን ብረቶም ዝሰርሕ ኣይኮነን ያላ እተውዎም ሳቦያ!" ኢሉ መሪሕዎም ንመጥቃዕቲ ክኣቱ ተንሰአ። ሰገሚ'ኳ ከይከዱ ሓምድ ዓዋተ ንሓደ ካቡቶም መርሓት ብጥይት ዘቢጡ ኣውደቖ። ትንፋሱ ኣይሓለፈትን። ኣሸንኳይ'ዶ ብዓል ሓምድ ጥቓኡ ዝበሩ፡ እቶም ርሑቕ ዝበሩ ክሳብ ዝሰምዕዎ ኣእወዩ። ገለ ካብቶም ፖሊስ "ቀቲሉዎ! ቀቲሉዎ!" እናበሉ ክረድእዎ ክበገሱ ከለው፡ ካልኦት ብዙሓት መጥቃዕቶም ቀጸሉ። ኣብቲ ግጥም ኬሩ ዝዓዱ ሓደሽ መርዓዊ፡ ወዲ 25 ዓመት ተጋዳላይ ኢብራሂም ኣሕመድ ገበ ወደቐ። ቀዳማይ ዋርድያ ዝወጸ ሓምድ ፍንቲ'ውን ኣብታ ግጥም ተሰውአ።

ካብታ ሓምድ ንምዄና ዝወጸላ ዕለት ክሳብ'ዛ ግጥም 4 ሚያዝያ 1962፡ ተጋደልቲ ኣርባዕተ ብጾት ብምስዋእቲ ተፈልዮሞም ክልተ ድማ ተማሪኾሞም። ውግእ ባላምንዳ ንሓምድ መበል ሓምሻይቲ ኑቶም ካብ ሱዳን ዝተሰለፉ ወተሃደራት ድማ ቀዳመይቲ ግጥም'ያ ዝበረት። ተጋዳላይ ኣደም መሓመድ ሓምድ 'ግንድፍል' ብዛዕባ እዛ ግጥም ከዘንቱ ከሎ፦

***"ኣብ'ዚ ውግእ'ዚ ፖሊስ ራዕዲ እዩ ኣትዩዎም። ምኽንያቱ ኑቶም ቀዳሞት ተጋደልቲ ምኩራት ወተሃደራት ስለ ዝነበሩዎም፡ እቲ ውግእ ካብቲ ዝፎደመ ፍልይ ዝበለን ዝርጉዕን እዩ ዝበረ።"*** ይብል።

እቶም ወተሃደራት ሱዳን ነበር ተጋደልቲ ግን እቲ ዘጋጠመ መስዋእቲ ክቕበሉዎ ኣይከኣሉን። "ድሓን ብዘሎ እናሃለውና፡ ይሕመቕ ይጸብቕ'ውን ጠበናጁ ሒዝና ከለና ክልተ ክንደሉና፡ ናትና ድኽመት'ዩ" ብምባል ብዓዚ ጣዕ በሉ። ኣብኡ ከይተሓጸሩ ንመጻኢ ጉድለታቶም ንምእራም ምእንቲ ከኸእሉ፡ ክሳራ ኪጋጥሞም ዝኽእለ ኣብ ኣተሓሕዛ ቦታ ድዩ ወይስ ካልእ ምኽንያታት ስለ ዝበረ ንምፍላጥ፡ ገለ ካብኦቶም ናብቲ ውግእ ዝተኻየደሉ ቦታ ተመሊሶም ዘይርሞ ምስ ተዓዘቡ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዞባድያም ድሓር ኣጸዋርዎም እቲ ዝተዋግኡሉ ቦታ ከም ዘይሓገዞምን ከም ዝዘረዮምን ፈለጡ። ሓምድ ግን ደጊሙ ደጋጊሙ እቲ መሰረታዊ ድኽመት ዘይምጥንቃቕ ምንባሩ'ዩ መጉተ። ድሕሪ'ዛ ግጥም መብዝሕትኦም ተጋደልቲ ኣብ ጥንቃቐ ገለ ለውጥታት ኣርኣዩ። ኣብ መንነኦም ወተሃደራዊ ሕግታት ዝፈልጡ ዝተፈላለዩ መዓርግ ዝበሮም ዓስከር-ሱዳን ነበር ስለ ዝበሩ ኣብ ጉዕዞ፡ ኣብ ዕረፍቲ፡ ኣብ ሓለዋ፡ ኣብ ብዙሕ መዳያት ኣመና ጥንቁቓት ኮኑ።

### ስርሒት ከተማን ዕጥቅን

ግደ ሓቂ ምስ ምጽንባር ናይቶም ወተሃደራት ሱዳን ነበር፡ እቶም ተጋደልቲ ኑበሰ ምትእምማኖም ይኹን ፍናኖም ክበብ ኢሉ ነበረ። ኣብ ክንዲ ብሓደ እናተገዓዝኩ፡ መድለ ኣብ እትረኽበሉ ጥራይ ከተጥቅዕ ኢልካ ምሕሳብን ምፍታንን፡ ብዘለዎም ዓቕሚ ንጸላኢ ዘሻቕልን ንሞራል ህዝቢ ኤርትራ ክብ ዘብልን ካልእ ስጉምቲ ንምውሳድ ኣኼባ ገይሮም ዘተዩ። መሓመድ እድሪስ ሓጅ 'ፋሕ ኢልና ገለ ስርሒት ክንፍጽም ኣለና' ዝብል ርእይቶ ኣቕረበ። እቲ ሓሳብ ኣብ ከተማታት ቦምባ ምትኳስ እንተ ተኻኢሉ'ውን ተጻናቲኻን ኣዳህሊልካን ንኣሸቱ ነቒጣታት ፖሊስ ኣጥቂዕካ ብረትን ንዋይን ምስኣብ ዝብል ነበረ። ብመሰረት ስምምዖም ድማ ሰለስተ ጉጅለ ማለት ናብ ከረን፡ ኣቑርደትን ኣልጌዴንን ክበገሱ ከለዉ ሓምድ ምስ ገለ ሰዓብቱ ተሪፉ ናብ ጋሽ ገጹ ኣበለ።

ንስርሒት ዝተበገሱ ግንድፍል፡ ኣብሸኑበን ጀምዕ ኣደምን ናብ ኣልገደን ብናዝርን መፈተሽን ንዝቶዩድ ዝበረ ኣኼባ ብዞኸሰ ፋሕ ከበሉዎ ከለዉ መስመር ተሌፎን ጋሽ ባርካ እውን ቀረጹ። መሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ዑመር እዛዝ፡ መሓመድ ዓሊ ኣብርጃላን ናብ ከተማ ከረን ኣትዮም ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣውራጃ ናብ ዝበሩ ዋርድያ ተኩሶም ንሓደ ኣቑሲሎም ወጹ። እቶም ናብ ኣቑርደት ዝኸዱ ኣብጥያረ፡ ዑመር ዳምርን ባህዱራይን እንታይ ገይሮም እኳ እንተዘይተፈልጠ ኩሎም ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ራዕድን ብዙሕ ጠያይትን 25 ቦምባ ኣድን ክልተ ረሻሽ ኣቡ ተማንያን (ቶሚጋን) ቁልፍን ኣምጽኡ።

እዝን ብመንገዲ ከረን ዝተረኽበ ብረት ተጋደልቲ ዑመር እዛዝ፡ መሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ከምኡ'ውን ኣብርጃላ ኣብ መጨረሽታ ሚያዝያ 1962 ናይ ኢድ ቦምባታት ክልኣሽሎም ብዙሓቱዎ መሰረት፡ ዓሊ ከራር ነቲ ኣብ ኣስመራ ዝበረ ኣደም መለኪን ምስ ሓበሮ፡ ኣደም ንፈተውራሪ ማና

ኣብ መውዳእታ ሚያዝያ 1962 ከኣ ኣብ ዳስ ጸላኢ ስለ ዝዓንዮም ተኹሲ ምስ ተኸፍተ ተብታተኑ። ብኡ ኣቢሉ ዝጠፍአ ጠፊኡ ድማ ሱብ ተዋሒዶ፡ ብዘይካ'ታ ናይ ሓምድ ኣቡ ዓሸራ ሓሙሽተ ተጋደልቲ ጠበናጁኦም ስርሓት ጥልያን ጠያይቶም ውሑድ፡ ኩሎምሉ ትሕዝቶኦም ምስ ናይ ጸላኢ ዕጥቂ ፈጺሙ ዘይዳረግ ቁንጣሮ ነበረ። ብሰሪ'ዚ ብዘይዳ ከይድንደኑ ስለ ዝፈርሑ፡ ክሳብ'ቶም ንፍሉይ ስርሒትን ካልእ ንጥፈታትን ዝተንቀሳቐሱ ዝምለሱዎም፡ ናብ ዘዕቀብዎም ቦታ ግልል ክብሉ፡ ሰገር ጋሽ ናብ እምባ በቢ ገጾም ኣምርሑ።



ጭንቀትን ዝፈጠረ ንኣሸቱ ስርሒታት ኣካየዱ። ካብዚ ስርሒታት'ዚ ተመሊሶም፡ ገና ንሓምድ ከይረኸቡ ከለዉ ድማ "ከሳ ተረኺቡ" ዝብል መልእኽቲ መጺኡዎም ተኣኻኺቦም ናብ ከሳ ኣምርሑ።

ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ዝተገልጸ ኢድሪስ መሓመድ ኣደም፡ ካብ ሃገራት ኣዕራብ ክረኽቦ ዝተተሰፈዎ ኣጸዋር ኣይረኸበን። ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበን መርከበኛ ካፕቴን ኣሕመድ ሸኽ ኢብራሂም ፈረጅን ኮይኖም ድማ ካብ የመን ሓሙሽተ ኣቡ - ዓሸራ (ማርክ - ኣርብዓ) ጠበናጁን ሓሙሽተ ሽሕ ጠያይትን ከምኡ'ውን ሸውዓተ ሸንገጥ ማማስ 42 ጥይትን ዓደጉ። ድሕሪ'ዚ እድሪስ መሓመድ ኣደም ናይ ሶማል ዲፕሎማሲያዊ ፓስፖርት ስለ ዝበሮ ነቲ ብረት ብዲፕሎማሲያዊ ሳጹን ናብ ስዑድያ ካብኡ ድማ ናብ ሱዳን ካርቱም ኣምጽኦ። ኣብ ካርቱም ካብ ወተሃደራት ሱዳን ዘይተፋነዉ ሃገራውያን ተቐቢሎም ናብ ከሳ ናብ ገዛ መሓመድ ኣደም እድሪስ (ገሰር) ኣብጽሕዎ። እድሪስ ኑቶም ካብ ኤርትራ ዝተመልሱ ወተሃደራት ሱዳን ነበር፡ ብረቶም ኣረኪቡ ናብ ካይሮ ክምለስ ከሎ፡ እቶም ድማ ነቲ ብረት ተማቒሎም ናብ ሜዳ ኤርትራ ተመልሱ። ኣብ ጉቦታት ጋሽ ንሓምድ እናደለዩዎ ከለዉ ከኣ ካብ ወዱብት ጨንገር ከረን ብረት ተረኺቡ ስለ ዝሎ ምጽኡና እትብል ደብዳቤ መጽኣቶም። ኩሎም ናብ ሸዕብ ከበቢ ሓጊዞ ብምኻድ ንክልተ ካብኦም ንመሓመድ እድሪስ ሓጅን ባህዱራይን ልኢኾም ኣድሓኖም ነጊሩ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዘምጽኡን'ዩ። ዝን ቦምባታት ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ከረን ኣብ ምብጻሕ ኣፍቶም ግደ ዝተጻወቱ ሰባት ነበሩ። ሓጎስ ተሰፋጽዮንን ኣሰፋ ጸሃየን ናብ ባርናባስ ገብረሃዋርያት ኣረከቡወን። ባርናባስ ተቐቢሉ ኣብ ትሕቲ ዓራቱ ንሰሙናት ሓቢኡወን ድሕሪ ምጽናሕ ንዝብራይ ተኸስተ ኣረከቦ። ዝብራይ ስራሕተኛ መገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ስለ ዝበረ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ብኽልተ እብረ ብፋራት ኣስመራ ኣብጺሑወን። ኣደም መለኪን ንዓሊ ከራር ብዘሎ ሓበሬታ መሰረት ድማ መኪና ተኻርዩ ናይ ሓሶት መርዓ ኣዳልዩ ካብ ኣስመራ ናብ ከረን ካብ ከረን ብመንገዲ መሓመድ እድሪስ ሓጅን ባህዱራይን ሜዳ ኣብጺሑወን። ዳሕራይ ግዜ ጸጥታ ኢትዮጵያ ሓበሬታ ናይዝን ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ሜዳ ዝኣተዋ ብረታት ረኺቡ ብዙሓት ኣደዳ ማእሰርትን ስቅያትን ኮይኖም እዮም። ኣብ መጀመርታ ዓመታት ሰውራ ጸገም ብረትን ተተኳስን ንምርካብ ክሳብ ክንደይ ኣሸጋርን ዋጋ ዘኽፍልን ምንባሩ ንምርዳእ ከኣ እኹል ኣብነት'ዩ።

## ውግእ ኣሚሊ - 20 ግንቦት 1962

ሓምድ፡ እቶም ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ከፊሉ፡ ናብ ስርሒት ከተማታት ዘዀኑም ወተሃደራት ሱዳን ነበር ናብ ተልእኾኦም ምስ ተበገሱ፡ ንሱ ምስ ቀዳሞት ብጾቱን ውሑዳት ሓደሽትን ናብ ወገን ጋሽ ወረደ።

ጸላኢ ብ20 ግንቦት 1962 ጨውቀትሪ ሰዓት ሓደ፡ ካብ ጎልጅ ተበጊሱ ኣሚሊ ኣተወ። ኣብታ ህሞት'ቲኣ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ደቂሱ ነበረ። ዋርድያ ዝበረ ጋድፍ'ውን ሓለፍቱ ዘንገዑ በጥ በለ። ብድኻሞን ጥሜትን ተሰኪፉ ሃለዋቱ ኣይፈለጠን። ክቡብ ድማ መጋባይ ኮይኑ ሳዕልን ታሕትን ይብል። ኣደም ክሻ ኑቶም ቀስ ኢሎም ክሳለዩ ጸኒሖም ምስ ቀረቡዎም ፍጥነት ዝወሰኹ ወተሃደራት እንተ ዘይርእዮም ጠፊኦም ነይሮም። ሳላኡ ግን ተበራብርዎም ደፋዕ ሒዞም እናተጸበዩ ከለዉ፡ ፖሊስ ናይ ማዕዶ ተኹሲ ጀመሩ። ሓምድ ክትኩስ ከሎ ልቡ ርጉእ፣ ምሽቓል ዝበሃል ኣይነበሮን። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ዝዋረደሉ ቦታ ደዩ ኣተኣማሚኑዎ ወይስ ነቲ መጥቃዕቲ ንዒቑዎ፡ ንገለ ካብቶም ብረት ዝጸንሖም ብጾት "ሰቐ ኢልኩም ሻሂ ኣፍልሑ፡ ንሕና ከማን ሰብኡት ኢና፡ እዚኣቶም ኣብ ዝጸሕዎ የብሎምን" ይብሎም ነበረ። ኣብቲ ንኣስታት ክልተ ሰዓታት ዝተኻየደ ውግእ ካብ ተጋደልቲ ዝተሰውአ ይኹን ዝቖሰለ ኣይነበረን። ናብ ጸላኢ ዝጸሐ ጉድኣት'ውን ብጹጹር ዝፍለጥ የለን። ብድሕሪ ውግእ ኣሚሊ ወተሃደራት ጸላኢ ካብ እግሪ ብዓል ሓምድ ኣይተረፉን። ማዕረ ማዕረ ጽላሎቶም ምግዓዞም ተረፍምምግባር ኣሰርም ተኸቲሎም ኣብ ዝኣተውዋ እናኣተዉ ዓቕሎም ኣጽበቡሎም። ድሕሪ'ዚ ጸቕጢ ምስ በዚሑ ምንቅስቓሶም ኣህጢሞም ደሃይ-ዓልዉረ የለ በቃ ህልም በሉ።

ይቕጽል . . .

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Laboratory Analyst**
**Number required – (03)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- The Laboratory Analyst will be responsible for conducting complex laboratory tests using advanced instrumentation, including ICP-OES, AAS, Potentiometric Auto-titrators, X-Ray Fluorescence (XRF), CS Analyzer etc.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**SHEC**

- Promote safety, health & environmental awareness and involvement in order to prevent injuries and/or damage
- Ensure appropriate action is taken to remove/manage hazards/risks identified in your work areas and activities
- Fulfill responsibilities including reporting of incidents via the appropriate processes
- Maintain a safe, healthy & environmentally fair and friendly work environment
- Ensure all daily technical group toolbox and safety meetings are attended
- Ensure any faults or downtime is reported to the area supervisor

**Planning**

- Plan and schedule laboratory tests and analysis
- Plan and manage equipment maintenance and calibration schedules

**Implementation**

- Responsible for routine analysis of samples according to written procedures to ensure that results produced are accurate and in line with established precision criteria.
- Preparation of reagents and calibration standards
- Reviews all analysis report sheets for completeness and maintains records and archives of all data reports and books.
- Check all equipment before use to ensure that only good functioning equipment is used at all times and to record data of such checks in prescribed checkbooks.
- Ensure all results are recorded and reported to the laboratory supervisor in a timely manner
- Providing technical expertise and guidance to laboratory technicians
- Troubleshooting equipment issues and implementing corrective actions
- Interpreting and reporting test results to the supervisor
- Carry out instructions from the superiors to meet sample deadlines and communicate problems to the laboratory supervisor

**Quality**

- Ensure that all work generated is following QC acceptance criteria and report to the laboratory Supervisor any work outside acceptance criteria as quickly as possible for corrective action by the Supervisor
- Conduct all work as per written standard operating procedures (SOPs).
- Fill all laboratory forms and maintain records as per the QMS

**Reporting**

- Report results on time.
- Report hazards and unsafe conditions to the laboratory supervisor
- Other reports may be required for laboratory Supervisor.

**Management**

- None

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Diploma or Degree in science related field; Geology, Chemistry, Chemical Engineering, or equivalent assay certification<br>• Oral and written English/Tigrinya is required |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum 2-3 years of experience in a laboratory setting, preferably in a mining or metallurgical industry.<br>• Experience with advanced instrumentation, such as ICP-OES, AAS, Potentiometric Auto-titrators, XRF, and CS Analyzer.<br>• Experience in analysing complex samples, including geological materials, ores, and metallurgical products.<br>• Experienced in fire assay of gold |
| Technical Skills | • Familiarity with various analytical techniques, such as ICP-OES, AAS, XRF, and fire assay<br>• Strong understanding of laboratory procedures, instrumentation, and sample analysis used in mining operations and metallurgical processes<br>• Knowledge of laboratory instruments, including maintenance, troubleshooting, and calibration.<br>• Ore and metallurgical sample preparation<br>• Data interpretation and reporting using LIMS (e.g. CCLAS)<br>• Quality control and quality assurance procedures<br>• Computer literate (MS office) |
| Behavioral Skills | • Attention to Detail<br>• Analytical Thinking<br>• Problem-Solving<br>• Communication<br>• Adaptability<br>• Safety Awareness |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

ሓዳስ ኤርትራ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ


ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abu Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Laboratory Supervisor**
**Number required – (03)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- The Laboratory shift Supervisor supports the Senior Laboratory Supervisor to oversee laboratory operations during assigned shifts, ensuring efficient and safe workflow, and maintaining high-quality results.
- This role involves supervising laboratory personnel, managing workflow, and troubleshooting issues that arise during the shift.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**SHEC**

- Ensure that all employees are aware of their SHEC responsibilities and follow company policies and procedures.
- Develop a risk management approach to team activities and ensure that high risk controls are in place.
- Support the creation of a workplace where staff are committed to working safely.
- Ensure that all SHEC actions are completed on time and to the required standard.

**Planning**

- Plan and coordinate laboratory activities during the assigned shift, ensuring efficient use of resources and personnel.
- Allocate resources, including personnel, equipment, and materials, to ensure efficient laboratory operations.

**Implementation**

- Supervise and direct laboratory personnel during assigned shifts
- Ensure laboratory operations are conducted safely and efficiently
- Monitor workflow and prioritize tasks to meet deadlines
- Troubleshoot equipment and technical issues
- Maintain quality control and quality assurance procedures
- Ensure compliance with laboratory policies, procedures, and regulations
- Provide training and guidance to laboratory personnel as needed
- Ensuring sufficient reagents in stock to run the shift
- Conducting laboratory work when required to cover any limitations the laboratory is experiencing
- Arrange for the repair, maintenance and servicing of all laboratory equipment and
- Instruments

**Quality**

- Implement quality control procedures
- Investigate and correct non-conformities, including errors, inaccuracies, or other quality issues.
- Ensure that assay control practices are initiated to demonstrate effective quality assurance in the laboratory.

**Reporting**

- Prepare and submit reports, including laboratory results, quality control data, and safety incident reports.
- Other reports may be required for management review.

**Management**

- Lead the efforts of instilling a strong environmental, safety and health culture, in all actions.
- Conduct any necessary audits, report, and resolve any incidents actions identified.
- Ensure "competency training & development" plans are in place for all staff and followed. Report on progress.
- Identify training needs and facilitate improvement.
- Develop and implement a Laboratory Information system to maintain integrity of assay data.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Degree in science related field; Geology, Chemistry, Chemical Engineering, or equivalent assay certification |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum 3-5 years of experience working in a minerals laboratory setting, preferably in a supervisory or leadership role.<br>• Experience supervising laboratory staff, including assigning tasks, monitoring progress, and providing feedback.<br>• Experience troubleshooting instrumentation and sample analysis issues, including identifying and resolving problems.<br>• Good understanding of sample preparation, weighing, digestion and use of analytical instruments e.g. ICP-OES, AAS, XRF, CS analysis, Auto-titrators<br>• Experience in precious metal assaying<br>• Experience with base metal assaying<br>• Working knowledge of Laboratory Management Systems e.g. CCLAS |
| Technical Skills | • Strong understanding of laboratory procedures, instrumentation, and sample analysis.<br>• Familiarity with various analytical techniques, such as fire assay, ICP-OES, AAS, and XRF.<br>• Knowledge of laboratory instruments, including maintenance, troubleshooting, and calibration.<br>• Understanding of quality control procedures, including calibration, validation, and quality assurance.<br>• Knowledge of laboratory safety protocols and regulations, including personal protective equipment (PPE) and hazardous materials handling.<br>• Computer literate (MS office) |
| Behavioral Skills | • Communication<br>• Team player<br>• Leadership skills<br>• Discretion<br>• Self-motivation<br>• Very high sense of urgency<br>• Self-starter and proactive<br>• Coaching and mentoring of staff<br>• High level of personal integrity<br>• Attention to detail |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ካብ ዞባታት

## ዕብየትን ገስጋስን ኣብያተ ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ዞባ ዓንሰባ

ኺሮስ ፍቓድ ድረር
ዞባ ዓንሰባ

2ይን መወዳእታን ክፋል

ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ካብ ዞባታት፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንሓፈሻዊ ኩነታት ገስጋስ ኣብያተ ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ዞባ ዓንሰባ ዝምልከት ምስ ሓላፊ ኣብያተ ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ዞባ ዓንሰባ መም/ ተኸለሰንበት ዘርኣይ ናይ ዘካየድናዮ ትሕዝቶ ቀዳማይ ክፋል ኣቕሪብናልኩም ምንባርና ዝዝከር ኮይኑ፡ ንሎሚ ድማ ካልኣይን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ - ሰናይ ንባብ፦

***

ኣብ 2022፡ ኣብ ሓሸሻይ'ውን ክትክፈት ተመዲቡ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ እዋኑ እቲ ዝድለ ረቛሒታት (ብዙሒ ተመሃሮ) ስለዘይተማለአ፡ ድሕሪ ዓመት ኣብ 2023 ተኸፊታ። ካልእ ምስኡ ምድኻዚ ብቲ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እቲ ሃገራት ተለልዩ ኣንዳሰታ ዝተሰርሐ ኣብ ን/ዞ ሓመልማሎ እትርከብ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ፈልዳርብ እያ። እዛ ቤት ትምህርቲ'ዚኣ ኣብ ከባቢ ሰኩና ዝርከብ ዓድታት ብሉን ማለት ንብዓል መቹ፡ በኮዳራ፡ ኣደርገዘበን ፈርሔንን ኣማእኪላ እትርከብ እያ።

እዘን ኣብ ዓመት 2022 ዝተኸፍታ ኣብያተ ትምህርቲ ብምሉእን ሰማዝበን ናይ መጀመርያ ዘር ተመሃሮአን 11 ክፍሊ ወዲኦም ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ንምዝዛም ምስ ማዕል 38 ዘር ናብ ሳዋ ኣፋንዮን ኣለዋ። እቲ መጽናዕትን ዕብየትን ቀጺሉ ስለ ዝኾነ ኣብ 2023 ምስ ሓሸሻይ ብወገን ሰሜናዊ ምዕራብ ዓንሰባ ኣብ መንጎ ሓልሓልን ኣሰማጥን ኣብ ከባቢ ሰሚይት 2ይ ደረጃ ቤት/ት ቀርጸት ተኸፊታ ኣላ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 2024/25 ኣብ ን/ዞባ ሃበሮ - ኣብ ሃበሮ ጸዕዳ፡ ኣብ ን/ዞ ሓመልማሎ ከኣ ኣብ ከባቢ ግዞዞ ናይ 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ተኸፊተን ኣለዋ።

መብዝሕትአን እዘን ኣብ ርሑቕ ገጠራት ድሒረን ዝተወሸኻ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣብቲ ከባቢ ዕድላት ትምህርቲ ፈጺሙ ኣብ ዘይሕለመሉ ቦታታት ዝተሃንጸ ኮይነን፡ ካብ መጀመርታ ጀሚረን ምስ ተመሃሮአን እናዓበያ ናብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ በጺሐን ኣለዋ። እቲ ማጠን ዝርጋሐ ዕድላት ናይዘን 25 ኣብያተ ትምህርቲ ብደረጃ ዞባ እንታ ርኢናዮ፡ ብዘይካ ኣብ ኣሰማጥን ዓዲ ተከለዛንን ሓሓደ ዘለዋ፡ ኣብ ትሸዓተአን ንኡሳን ዞባታት ዞባ ዓንሰባ ብሓፈሻዊ ገምጋም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንኡስ ዞባ ካብ 3 ክሳብ 4 ኣለዋ ክንብል ንኽእል። እዚ ናይ ነዊሕ እዋን ትጽቢትን ሃንቀውታን ህዝቢ ኣብ ሓጺር እዋን ከም ዝትግበር ኣብ ምግባር ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ንዕብየት ትምህርቲ ቀዳምነት ብምሃብ ምስ ሓላፊ ጨ/ሚ/ት ዞባ ዓንሰባ መም/ ክፍላይ ዓንደሚካኤል ብምትሕብባር፡ ብኣካል እናተንቀሳቐሰ ኣብ ጉዳይ ዕብየት ትምህርቲ ጥቡቕ ምክትታል፡ ምትብባዕ፡ ዕቱብን ግብራውን ፍታሕ ምሃብ፡ ተጠቃሚ ህዝብን ወከልቱን ዝምስክርዎ እዩ።



ምሕላብ - ንኡስ ዞባ ገለብ

ኩሉ ግዜ ምምሕያሽን ዕብየትን ብዘከምታ እዩ ዝመጽእ፡ ብቐጻሚት ዝጥቀስ እቲ ዕድላት ምኽፋትን መስተርሀያት ምፍጣርን እዩ፡ ብመንጽር'ቲ ዝተጉበረ ወጻኢታትን ወፍርን መምጽኢ ክርአ ከሎ፡ ኣብ ገለ ወሓዶት ኣብያተ ትምህርቲ ምስቲ ዝተጉበረ ጻዒይ መጽናዕትን ዝበረ ጠለብን ክዛጻጸር ከሎ፡ እቲ ህሉው ብክልቲኡ ጾታ፡ ብብእዋኑ እናበዝሐ ክኸይድ ዝኸይድ፡ ብኣንጻሩ እናኣገደለ ዝኸደ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። ንኣብነት፡ ቤት/ት ዕመር እዝዝ (ሓልሓል)፡ ቤት/ት ሓሊብመንተል ስክፍታታት ዝፈጥራን ምምዕርራይ ዘድልየንንየን። ኣብ መብዝሕትአን ናይ ገጠራት ኣብያተ ትምህርቲ፡ ካብ 10ይ ናብ 11 ክፍሊ ክሓልፉ ከለዋ ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮ ብርኡይ የንቁልቁል። ናይ ከረን 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዓንሰባውን ተመሳሳሊ ጸገም ኣለዋ። ይኹን'ምበር እተን ዚ ብደሀይታት'ዚ ማኪተን ዝሓለፉ ኣዝየን ውሑዳት ደቂ



ፍልፍል ሃበር

ቁጽሪ ተሳታፍነተን ዘዕገብ ሓደ ክልተ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። ትጽቢትን ክዉንነትን ኣይተሳነየን፡ ንኣብነት፡ ቦርዲን ኣሰማጥ እዚ ኩሉ ወጻኢታትን ምትብባዕን እናተገብረ ጥጡሕ ባይታ ተጸፊሩ እናሃለወ፡ ደረጃን ማጠንን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ትሕተ ትጽቢት እዩ፡ ኣብ ገሊአን ከኣ እቲ ተሳታፍነት ክብብን ለጠቕን ናይ ምግል ሓለፍ ዘለፍ ኣሎ። ክሳብ 9ይ - 10ይ ክፍሊ ዝበጽሑ ጸቡቕ ክሽዱ ጸኒሖም፡ ኣብ 11 ክፍሊ ምስ በጽሑ እቲ ተሳታፍነት ብርኡይ ይጎድል፡ እቲ ዝበረ ባሆን ትጽቢትን ናይቲ ሕብረተሰብን መምህራንን እቲ ሰናይ ድልየት ኣብ ባይታ ኣድማዕቱን ፍረኡን ኣድማዒ ኣይኮነን።

ካብ ማስመር ጸለም ጽርግያ ወጺኡ ኣብ ኣዝዩ ርሑቕን ማእከላይ ርሑቕት ዘለዋ ከባቢታት ዞባ ዓንሰባ ዝተሃንጸ 17 ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። ስለዚ እቲ ቀደም ብደረጃ ዞባ ዝርከበን ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ካብ ዓዲ ተከለዛን ክሳብ ሓጋዝ ኣብ ማስመር ጸለም ጽርግያ ዝበራ፡ ብቑጽሪ 8 ኮይነን፡ 32% ናይቲ ዞባ ጥራይ ይወክላ። እቲ ዝተረፈ ኣሰታት 70% ግን ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ኣብ ገጠራት እዩ ዘሎ።

ብሓፈሻኡ ክርአ ከሎ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ምኽፋት ናይዘን ኣብያተ ትምህርቲ ወርቃዊ ዕድል እዩ። ይኹን'ምበር ብመጠን'ቲ ዝበረ ባሆን ሃንቀውታን ዝተጉበረ መጽናዕትን ዝበረ ጠለብትን ኣብ ባይታ እንተ ርኢና፡ ብሓቂ ከምቲ ትጽቢት ዝተጉበረሉ፡ ኣብ ብዙሓ ተሳታፍነት ይኹን ብቕዓት ኣሰጋጊ'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ቁጽሪ ተመሃሮአን ኣንስትዮ መብዝሕትአን ናይ ዲግሪን ዲፕሎማን ዕዉታት'የን ዝኾና።

ካልእ ምንልባት ከም ቀንዲ ጠንቂ ዋሕዲ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ክወሰድ ዝኽኣል ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ናይ ዘይምሕላፍ ጸገም ኣሎ። ኣብ ማእከላይ ደረጃ ጸቡቕ ቁጽሪ ዝጸንሓ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ 2ይ ደረጃ ብኸምኡ ኣይተቐጸልን። እዚ ኣብ 8ይ ክፍሊ ዝርአ ዘሎ ድኽመት ብሓፈሻኡ ብደረጃ ሃገር ብፍላይ ከኣ ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ሃሰያኡ ጉሉሕ እዩ። 2ይ ደረጃ መቐጸልታ ናይ ማእከላይ ደረጃ ስለ ዝኾነ፡ ምትእስሳሩን ጽልዋኡን ገጹር እዩ።

ብሓፈሻኡ ኣብቲ ብደሀይታትን ጸገማትን ጸቒጥና ስለ ዘለኩርና ደኣ'ምበር፡ እቲ ዝተጉበረ ፍታሕን ፈጠሩዎ ዘሎ መስተርሀያትን ኣዝዩ ኣተባባዒ ዘይትን እዩ። እቲ ተሳታፍነት ብመንጽር ጾታ ክዛጻጸር ከሎ፡ ኣብ ገጠራት የንቁልቁል ኣሎ። ኣብዘን ኣብ ማስመር ጸለም ጽርግያ ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ ግን፡ ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮ ጹብሉል ዝበለ ልዕሊ 55% እዩ ዝበጽሕ። ስለዚ ብደረጃ ዞባ ክንገምግም ከለና፡ ብዘይካ ኣብ እተን ዝጠቐስናየን ኣዝየን ውሱናት እንተ ዘይኮይኑ፡ ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮ ደሓን ኣሎ ክበሃል ይከኣል።

ምህናጽ ኣብያተ ትምህርትን ምምዳብ መምህራንን ዓቢ ፍታሕን ብቐጻሚት ዝጥቀሰን'ኳ እንተ ኾነ፡ ኣብ ዓይነትን ብቕዓትን፡ ኣፍራይነትን ኣድማዕነትን ናይተን ኣብያተ ትምህርቲ ብተግባር ኣብ ባይታ እንታይ ከም ዝመስል ክጸንዖም ኣገዳሲ እዩ። ንብዕለን እተን ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ትሕተ ቅርጺ ጀሚርካ መምህሪ መሳለጥያታትን ኑቲ ደረጃ ዝጠቕዑን እኹላትን መምህራንን ዝሃልኣ ክኸና የድለ።

ኣብዚ መዳይ'ዚ ገለገለ ሃጓፋት ኣሎ። ኣብቲ መጀመርያ እዋናት እተን ኣብያተ ትምህርቲ ብቑጽሪ ክሳብ 16 በጺሐናሉ ኣብ ዝበራ እዋን፡ ብማጠኑ እኹል ቀረብ መምህሪ መሳለጥያታት - ከም ኣብያተ-ንባብ፡ ቤተ ፈተነ (ላቦራቶሪታት)፡ ኮምፕዩተራት ዝኣመሰለ ተዋዲዱለን ነይሩ። እናበዝሓ ምስ ከዳ ግን፡ ከለን ከምቲ ዝድለ እኹል መምህሪ መሳለጥያታት፡ ወሲ ወዱብ ደገፍ ስርዓታት ዝዋጠቓ እየን ክበሃል ኣይከኣልን።



መም/ ተኸለሰንበት ዘርኣይ

መምህራን'ውን ዝተፈላለየ ተመኩሮን ብቕዓትን ዘለዎም እዮም። ብሓገዝ ጸሓያዊ ጸዓት ዲጂታላዊ ቤት ንባብ፡ መምህሪ መጻሕፍቲ፡ ሓደ መጽሓፍ ንሓደ ተመሃራይ ይወሃብ ምህላዉ ሓጋዚ እዩ።

መጀመርያ መማዚ ረቛሒ ብቕዓት ሓደ መምህር ደረጃ ትምህርቱ እዩ። ብደረጃ ዞባ ክርአ ከሎ፡ ገለገለ ናይ ተመኩሮ ሃጓፋት ገዲፍካ፡ ብዓይነትን ብዝሒን እኹላት መምህራን ኣለው። ሓደ መምህር ኣብ ክፍሊ ኣትዩ ክምህር ናይ ኮለጅ ምሩቕ ምዃኑ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ናይ ስነ ምምህርና ኣጦባት፡ ስነ ምግባር፡ ምሕደራ ክፍሊ፡ ምድላው ውጥን ትምህርቲ፡ ምስ ተመሃሮ ዝህልዎ ዝምድናን ኣጠባብ ኣተሓሕዛን ዝኣመሰሉ ረቛሒታት ኣብ ማስርሒ ምምሃርን ምስትምሃርን ወሳንቲ እዮም። መብዝሕቶም መምህራን ልዕሊ 80% ናይ ስነ ምምህርና ስልጠና (Pedagogy) ዘይወሰዱ እዮም። ብደረጃ ትምህርቲ፡ 96% ብደረጃ ዲግሪ ዝተመረቑ ክኾኑ ከለው፡ ካብኣቶም እቶም ኣሰታት ሰለስተ ርብዒ ናይ ትሕቲ 5 ዓመት ተመኩሮ ዘለዎም እዮም።



ረሀይ ቀርጸት

ብቕዓትን ንጥፈታትን መምህራን ንምግምጋም ቀጺሉ ዕቱብ ክትትል ኣብ ርእሲ ምግባር፡ ዓቕሞም ክበ ንምግል'ውን ብደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ን/ዞባን ዞባን ዝውደብ መደባት ስልጠና ኣሎ። ኣብ ናይ 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ዘለዉ ሱፐርቫይዘራት፡ ብዙተመኩሮ ዝበሰሉ፣ ካብ ደረጃ መምህር፡ ምኽትል ርእሰ መምህርን ዳይረክተራትን ኮይኖም ዘገልገሉ፣ ብደረጃ ትምህርቲ'ውን ናይ ቀዳማይ፡ ናይ ድሕሪ ምረቓ ዲፕሎማን ካልኣይ ዲግሪን ዝውንኑ፡ ናይ ልዕሊ 18-20 ዓመታት ተመኩሮ ስራሕ ዘለዎም እዮም። ዕቱብ ናይ ምኽትታል ንጥፈታት ብምኽያድ ከኣ እዋናውን ልዙብን መልሱ ዕንጋለን እርምትን ይገብሩ።

ህልው ገምጋም ናይቲ ኣሃዱ ከም ዘጸርዮ ኣብዚ እዋን'ዚ ልዕሊ 88% መምህራን ብግቡእ ውጥን ትምህርቲ (ሰሙናዊ፡ መንፈቓዊ፡ ዓመታዊ) የዳልዉ። ተገዳስነቶም ዓብዩ'ውን ብኩራት ኽዩ ኣሎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓይነት ትምህርቲ ናይቲ ክምህርዎ ዝግበኦም ምዕራፋት ትምህርቲ'ውን 95% ይዓምዎ ኣለው። ካብ ኣስመራ መጺኦም ኣብ ከም ብዓል ገሉብን ሃበሮን ዝኣመሰለ ርሑቕ ገጠራት ተመዲቦም ብግቡእ ስራሖም ዘሰስሉ ኣብነታውያን መምህራን ኣለው። ገለ ኣዝዮም ውሑዳት ሸለልትነት ዘርእዩ፡ ኣብ ጎድናዊ ወልቃዊ ስራሕ ከም ሸቐጥ ዝኣመሰለ ንጥፈታት ስለዝዋፈሩ፣ ድኽመታት ዘርእዩ ኣይሰኣኑን። ይኹን'ምበር ካብቲ ዝተመደብሉ ቤት ትምህርቶም ጀሚርካ ብደረጃ ንኡስ ዞባን ዞባን ዕቱብ ክትትል ስለ ዝግበር፡ ተመሃሮ ከይህሰዩ ኣብ እዋኑ ከም ዝእረም ይግበር። ብደረጃ ሃገር ኣብ መምህራን ካብ ዝርአ ጸገማት ሓደ፡ ገሊኦም በቲ ዝተመረቑሉን ኣዝዮም ዝመልከዎምን ዓይነት ትምህርቲ ይምደቡ ዘይምህላዎም እዩ።

መማዚ ብቕዓት ኣብያተ ትምህርቲ 2ይ ደረጃ፡ ብወጽኢት ሃገራዊ መርመራታት 12 ክፍሊ እዩ ዝለካዕ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ጸብጻብ ናይ'ቲ ኣሃዱ ከም ዘጽርዮ፡ ክሳብ 2019 እቲ ገምጋማዊ ወጽኢት ዕዉታት፡ 18% እዩ ነይሩ። ኣብ ዓመት 2020 እቲ ወጽኢት ናብ 25% ክበ ኢሉ እናዓበየ ብምኻዱ፡ ኣብ ዓመት 2023 እቲ ዝለዓለ 32% በጺሑ ነይሩ። ካብ ዓሚ ጀሚሩ ዝበረ ወጽኢት ከኣ እናንቍልቍለ ብምምጻእ ሰማዝበን እቲ ወጽኢት 21% ወሪዱ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ሓደ ዕሰር (2013- 2024)፡ 12 ክፍሊ ወዲኦም ሃገራዊ መርመራ ናይ ዝተሳተፉ ብዙሒ ተመሃሮ ዞባ ዓንሰባ 159,10 ዝበጽሕ ኮይኑ፡ እቲ ናይ ምሕላፍ ደረጃ ከኣ ብገምጋም 20.6% እዩ። ወጽኢት ሃገራዊ መርመራ ዞባታት ሃገርና ብምንጽጻር ዞባ ዓንሰባ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትስርዕ ኮይና፡ እቲ ክብን ለጠቕን ወጽኢት ሃገራዊ መርመራ ከኣ ብደረጃ ሃገር'ውን ተመሳሳሊ እዩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ 25 ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ 130 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 480 መምህራን ተመዲቦም ኣለው። ድምር ህሉው ብዝሒ ተመሃሮ ከኣ 9,016 ክኾውን ከሎ፡ 4356 ደቂ ኣንስትዮ እየን። ተሳታፍነትን ተወዳዳርነትን ደቂ ኣንስትዮ ተመሃሮ በብዓመቱ እናዓበየ ዝኸይድ ኮይኑ፡ ካብ 40 ክሳብ 50% በጺሑ ኣሎ።

# ንቕሓ ደበና

ሄለን መኸታ

## ምትእስሳራት ዓውዲ ትምህርቲ

### ምስ ዓበኻ እንታይ ክትከውን ኢኻ?

ንሓደ ቈልዓ ምስ ዓበኻ እንታይ ክትከውን ኢኻ ኢልና ምስ እንሓቶ፡ “ዶክተር” “ፓይሎት” “መምህር” … ብምባል ምስ ዓበየ ዝህሉዎ ሓደ ሞያ ወይ ዝመሃሮ ዓውደ ትምህርቲ እዩ ዝገልጽ። ካብዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ውጽእ ዝበሉ ገለ ቈልዑ፡ ብርክት ዝበለ ሞያ ምስ ዝርዝሩ ግን፡ “ሓደ ደኣ ምረጽ፡ ኩሉ ደኣ ከመይ ኣቢልካ ክትበጽሖ፡” ብምባል ባዕልና ንድርቶም። “ስለምንታይ ኩሉ ክኸውን ዘይክእል?” ኢሉ ንዝሓተት ቈልዓ ከኣ ኪንዮ ዘይከኣል ምኻኑ ካልእ ኣዕጋቢ መልሲ ኣይንህብን ኢና። እዚ፡ ነቲ ዕድመ ምስ ወሰኹ ዝወስዱዎ ምርጫታት ናይ ዓውደ ትምህርትን ሞያን ክድርት ይረአ። ኣብ ዓለም ዝርከብ ፍልጠት ኣብ ዝተፈላለየ ቀጻላታት፡ ዓውደ ትምህርትን ሞያን ምምቕቓል፡ ንተመሃሮ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ትምህርትን ስራሕን ንዝረከቡ ምሁራን ከይተረፈ ኣብ ታሪኽ፡ ህሉው ኵነታትን መጻኢን ምሉእ ስእሊ ከይህልዎም ከም ዝድርት፡ ፕሮፈሰር ዴቭድ ክርስትያን ኣብ ‘ዓቢ ታሪኽ’ ዝብል ትምህርቲ ፍልስፍና የብርህ። እዚ ምጉጅጓላት ፍልጠት፡ ንፍልጠት ኣብ ክንዲ ብምልኣት እንርእዮ፡ በብወገንና ብንእሽተይ መነጽር ብምርኣይና ኣደዳ ዝተፈላለየ ኣርኣእያን ኣድልዎን ከም ዝኾንና ይገልጽ። ኣብዚ ትምህርቲ፡ እቲ መምህር'ውን ኣብ ገለ ኣርእስታት ኣድልዎ ክገብር ንረኽቦ ኢና። ስለዚ፡ ሳዕቤኑ ጉሊሑ ይረኣየካ።

ፍልጠት ብቐጻላን ዓውዲ ትምህርትን ምምቕቓል ክንድ'ዚ ሳዕቤን ካብ ሃለዎ ንምንታይ ደኣ ንጥቀመሉ ኣለና? ዝብል ሕቶ ከምጽእ ይኽእል። እታ “ሓደ ደኣ ምረጽ፡ ኩሉ ደኣ ከመይ ኣቢልካ ክትበጽሖ፡” እትብል መልሲ ሓደ ምኽንያት ኮይና፡ ካልእ ዝተፈላለየ ምኽንያት'ውን ኣይሰኣንን እዩ። ኣብ ኣድማስ ዝርከብ ዝተዳህሰሰን ዘይተዳህሰሰን ፍልጠት ከነጽንዕ፡ ብግዜ ዘይክውንነታዊ ምስ ምኻኑ፡ መሪጽና ገለ ክፋል ጥራይ ክንወስድ ንግደድ። እቲ ካልኣይ ከኣ ነዚ ኩሉ ፍልጠት ዝኸውን ብቕዓት ኣእምሮ ንውንንዶ? ዝብል ሕቶ እዩ። ሳልሳይ ምኽንያት ከኣ ውልቃዊ ባህግታትን ዕላማን እዩ። በዚን ካልእ ምኽንያትን ኣብታ ኣብ ዓለም እንጸንሓላ ኣዝያ ሓጻር ግዜ ንእሽተይ ፍልጠት ሒዝና ክንነብር ንርእ። ካብ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ፡ ቋንቋ፡ ቍጽሪ፡ ባህርያዊ ስነ ፍልጠት፡ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት፡ … ተባሂሉ ፍልጠት ተመቓቒሉ ይወሃብ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከኣ ካብ ክልተ ቀጻላታት ትምህርቲ (ባህርያዊ ስነ ፍልጠትን ማሕበራዊ ስነ ፍልጠትን) ክንመርጽ ዕድል ይወሃበና እሞ ዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ዓመታትና ኣብ ሓደ ቀጻላ ብዝዓሞቑ ኣገባብ ፍልጠትና ነዕቢ።

ፍልጠት ብቐጻላታትን ዓውድታትን ምምቕቓል፡ ምስ ዘሎዎ ኣሉታዊ ሳዕቤን፡ ኣብ ምሉእ ዓለም እቲ እንኮ ኣማራጺ ኣገባብ ምሕደራ ፍልጠት ኮይኑ ንነዊሕ ግዜ ይቕጽል ኣሎ። ተመሃሮ ኣብ ገለ ደረጃ ትምህርቲ ብቐጻላን ዓውድታትን ዝተደረተ ፍልጠት ይወስዱ ከም ዘለዉ ዘረድእ ከኣ ዳርጋ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ተመሃሮ ንባህርያዊ ስነ ፍልጠት ምስ መረጹ፡ ታሪኽ ዝምልከቶም ኮይኑ ኣይስምዖምን። ማበራዊ ስነ ፍልጠት ዘጽንዑ ከኣ ብዛዕባ ስነ ህይወት ምግዳስ ከም ዘይስርሖም ይርእዩዎ። እንተኾነ፡ ኩሉ ቀጻላታትን ዓውድታትን ትምህርቲ ኣዝዩ ዝተኣሳሰረ እዩ። እኳ ደኣ እቲ ሓደ ብዘይ እቲ ሓደ ክንርድኦ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ተመሃሮ ንዝመሃሩዎ ዓውድታት ኣብ ክንዲ ክርድኡዎ ዝፍትኑ፡ ዓቕሞም ኣብ ምዝካር ከውፍሩ ይርኣዩ። እዚ ምትእስሳር ኩሉ ዓውድታት ትምህርቲ፡ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ኣይረኣየናን እዩ። ኣብ ስራሕ ዓለም እትው ምስ በልና ግን ብግሁድ ይርኣየና። ምኽንያቱ ክንመሃር ከለና ንውልቃዊ ኣካዳምያዊ ዕቤት ኢና እንጽዕር። ኣብ ስራሕ ዓለም ምስ ኣተና ግን ንሓባራዊ፡ ማሕበራዊ ወይ ትካላዊ ዕቤት ኢና እንሰርሕ። ብውልቅና ዝዕየ እናወሓደ፡ ብሓባር ንሰርሖ ከኣ እናበዝሐ ይመጽእ። ዋላ እቲ ናይ ሶፍት-ዌር ኮድ ክገብር ዝውዕል ኢንጅነር ብሓሳብ ደረጃ ክምሕብር እንተ ዘይክኢሉ፡ ዘፍርዮ ፍርያት ንሓባራዊ ዕቤት ከገልግል እዩ ክብሃል ኣየድፍርን። ምኽንያቱ፡ ዝበዝሐ ግዜኡ በይኑ እንተ ኮይኑ፡ ማሕበራዊ ድሌታትን ጥበባትን ካበይ ከምጽኦ። ስለዚ ዝተማሃርና ተማሂርና፡ ብዛዕባ ሰብ፡ ሰብኣውነትን ማሕበረሰብን ምሕሳብና ዘይተርፍ እዩ።

ገለ ካብቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ እናሳዕረረ ዝኸይድ ዘሎ ሳዕቤን ናይዚ ምምቕቓል'ዚ፡ ኣብ ባህርያዊ ስነ ፍልጠትን ተክኖሎጂን ዝያዳ ምድሃብን ምግዛስ ሞያዊ ስነ ምግባርን እዩ። ዝኾነ ዓውደ ትምህርቲ፡ በቲ ትረኽቦ ሓበሬታ ንኻልኦት ከይትሃሲ፡ ከይትምዝምዝን ውጽኢት ትምህርትኻን ፍርያትካን ከኣ ንሕብረተሰብ ዘኽስብ ክኸውን ዘዘኻኽር ትሕዝቶ ይርከቦ። እዚ ስነ ምግባር ወይ ኮድ ስነ ምግባር (code of ethics) ብዝብል ከም ሓደ ኣርእስቲ ኣትዩ ንረኽቦ።

እዚ ኮድ ስነ ምግባር'ዚ፡ ሞያዊ ሓላፍነትን ሕብረተሰባዊ ትጽቢታትን የካትት። እቲ ሕብረተሰብ ዝጽበዮ ባህርያት ዝርዝራቱ ነዊሕ እዩ፣ ለዋህ፡ ሓቀኛ፡ ሰብ ዘኽብር፡ ፍትሓዊ፡ ትዕግስተኛ፡ ተባዕ፡ ጻዋር፡ ወዘተ። እነጽዖ ዓውደ ትምህርቲ፡ ንሰብኣውን ማሕበራውን ባህርያት ዝጸሉ ይኹን እምበር፡ ትጽቢታት ሕብረተሰብ ግን ብመንጽር ሞያና ኣይፈላለን እዩ። ካብ ሓንቲ መዋእለ ህጻናት እትምህር መምህርን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ላባራቶሪ ተክኒሻን እትምህር ዶክተርን ሓደ ዓይነት ማሕበራዊ ጥበባት ይጽበ። እኳ ደኣ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝበጻሕና፡ ዝለዓለ ማሕበራዊ ትጽቢታት ይንበረልና። ክውንነቱ ንጉድኒ ግዲፍና፡ ሕብረተሰብና ብዝተማሃርናዮ ዓውዲ፡ ንሓደ ለዋህ ነቲ ካልእ ከኣ ጨካን ክኸውን ኣይጽበን። ሞያዊ ስነ ምግባር ንምውሓስ፡ ሕግታት (code of ethics) ምውጻእ ሓደ ኣገባብ እዩ። ምሉእ መረዳእታ ወይ ስእሊ ናይ ህይወት፡ ኣድማስ፡ ፍጥረት፡ … ምስ ዝህሉወና ግን እንገብሮ ንጥፈታት ነቲ ዓቢ ስእሊ ዝምልኣሉን ዘጕድለሉን ዝያዳ ክንርዳእን ሓላፍነት ክንስከምን የኽእል።

ኣብ ስርዓተ ትምህርተን ሕጽረታት ምሕደራ ፍልጠት ዘስተብሃላ ሃገራት፡ ንኹሉ ዓውድታት ዘካትት፡ ብ‘ኣቦ ኩሉ ዓውድታት’ ዝፍለጥ ዓውዲ ፍልስፍና፡ ኣብ ስርዓተ ትምህርተን ኣካቲትን ይርከባ። እዚ ኣገባብ ዓሚቝ መጽናዕቲ ዘድልዮ ኮይኑ፡ ንግዜኡ ግን ተመሃሮና ኣብ ፍልጠት፡ ቀጻላታትን ዓውድታትን ትምህርቲ ዘሎዎም መረዳእታ ብምዕባይ፡ ሳዕቤን ናይ ምምቕቓል ፍልጠት ክነጒድል ንኽእል። ተመሃሮ፡ ባህርያዊ ወይ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ኣብ ዝመርጹሉ ግዜ፡ ጕድኒ ጕድኒ'ቲ ዝመርጹዎ ቀጻላ፡ ናይ ካልእ ቀጻላ ክጽንዑ ምድራኽ፡ ባህሊ ምንባብ ክዓቢ ምስራሕ፡ ልቦና ሕብረተሰብ ናብ መንእሰያትን ቈልዑን ዝሰጋገረሉ መደባት ምስራዕን ካልእ ኣገባባትን ከኣ ሓጋዚ እዩ። ምምቕቓል ፍልጠት ኣብ ቀጻላታትን ዓውድታትን፡ ዕላማኡ ንምሕደራ ፍልጠት ምኻኑ ብምርዳእ፡ ኩሉ ሰብ ክበጽሖ ዝኽእል ዘበለ ደረጃ ናይ ፍልጠት ክበጽሕ ከም ዘለዎ ምትብባዕ፡ ናይ ምርምርን ክትዕን መኣድታት ምስራዕን ተመሃሮ ካብ ሓደ ዓውዲ ንላዕሊ ከጽንዑ ዕድላት ምፍጣርን እውን ኣገዳሲ ጽልዋ ኣሎዎ።

ኣብ ምምራጽ ዓውደ ትምህርቲ እውን ንተመሃሮና ምሕጋዝን ምምእዛንን ኣድላዩ እዩ። ዓውዲ ምምራጽ፡ ነቲ ቀጺሉ ዝስዕብ ናይ ስራሕ ህይወትና ኣዝዩ ዝጸሉ ስለዝኾነ፡ ብጥንቃቐን ምስትውዓልን ክካየድ የድሊ። ገለ ካብቲ ኣብዚ መስርሕ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግባእ ረቛሒታት፤

#### 1- መረዳእታናን ኵነተ ኣእምሮናን ኣብ ዓውደ ትምህርታት

ተመሃሮ ዓውደ ትምህርቲ ክምርጹ እንከለዉ ንግዜኡ ዘይኮነ ንሓዋሩ ሰሪሖም ዘይርብርቡሉ፡ ከንብቡሉን ከጽንዑሉን ዘየሰልክዮምን ዘፍቅሩዎን ዓውዲ ክመርጹ ኣገዳሲ እዩ። ዝበዝሐ ግዜ ዝለዓለ ነጥቢ ዘምጽኡ ተመሃሮ ዝደለየዎ ዓውዲ ክመርጹ ዝሓሸ ዕድል እንከለዎም ብጽልዋ ካልኦት (ወለዲ፡ መምህራን ዓርከ መሓዛንን) ናብ ዘይደልዩዎ ዓውዲ ክኣትዉ ንርኢ ኢና። ምኽሪ ካልኦት ምስማዕ ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ ናይ ምምራጽ ሓላፍነት ግን ባዕልና ክንስከም ይግባእ።

#### 2- እኹል ሓበሬታ ብዛዕባ ዓውደ ትምህርታት

ብዛዕባ ከነጽንዖ እንደሊ ዓውዲ እኹል ሓበሬታ ክህሉወና መሰረታዊ ረቛሒ እዩ። እንተ ተኻኢሉ ብዛዕባ ኩሉ ዘሎ ምርጫታት ሓበሬታ ክህሉወና ጽቡቕ እዩ። እንተ ዘይኮነ፡ ብዛዕባ እቲ ከነጽንዖ እንደሊ ዓወዲ እኹል ሓበሬታ ምህላው ንምርጫን ንቕድመ ምድላውን ይሕግዝ። ብዓቢኡ፡ ትምህርቲ ብድሆታትናን ብድሆታት ሕብረተሰብናን ንምፍታሕ ስለ እንመሃር፡ ነቲ ክንቃለሶ እንደሊ ቃልሲ ዝኸውን ዕጥቂ ከም ዘሎዎ ምፍታሽ ኣድላዩ እዩ።

#### 3- ርእሰ ምፍላጥ

እቲ ክንመርጾ እንደሊ ዓውዲ ናይ ሕክምና፡ ንሕና ከኣ ደም ዘይንፈቱ እንተ ኴንና ሳዕቤኑ ናብ ውድቀት ከምርሓና ይኽእል እዩ። ነቲ ከነጽንዖ እንደሊ ዓውዲ ዝኸውን ባህርያትን ክእለትን ከም ዘሎና ከየለልና እንመርጾ ዓውዲ ክኹብደና ይኽእል እዩ። እቲ ኣብቲ ዓውዲ ዝካተት ንጥፈታትን ትምህርትን ዘይኮነ፡ ንሕና ኣቐዲምና ከነዕብዮ ዝግብኣና ክእለት ብዘይ ምዕባይ እዩ። ንኣብነት ከነጽንዖ እንደሊ ፖለቲካዊ ስነ ፍልጠት ኮይኑ፡ ናይ ምንባብ ክእለትና ትሑት ምስ ዝኸውን፡ ብቑዓት ኴንና ክንወጽእ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ እዩ። ስለዚ ዝንባለና፡ ክእለትናን ራኢናን ብንጹር ፈሊጥና፡ ከነጽንዖ እንደሊ ዓውዲ ክንመርጽ ይግባእ።

ዝኾነ ዓይነት ዓውደ ትምህርቲ መሪጽና ከነጽንዕ ኣብ ድልየትናን ብቕዓትናን እዩ ዝምርኮስ። ንኣናን ንሕብረተሰብናን ዝጠቅም ውጽኢት ክንረኽበሉ ግን ኣብ ኩሉ ቀጻላታትን ዓውድታትን ትምህርቲ ሰፊሕ ፍልጠት ክህሉወና ግዴታዊ ረቛሒ እዩ። ስለዚ፡ ነቲ ካብ ሰሩዕ ትምህርቲ እንረኽቦ ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ተወሳኺ ብናትና ተበግሶ ዝሰፍሐን ዝዓሞቐን ፍልጠት ክንዓጥቕ የድሊ።





# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## መራሕቲ ሩስያን ሰሜን ኮርያን ተዘራሪቦም

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲንን፡ ኣብ ኣገደስቲ ኣህጉራውን ዞባውን ዛዕባታት ኣመልኪቶም ከም ዝተዛተዩ ተሓቢሩ።

ክልተኦም መራሕቲ ሃገራት፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብቲ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ልዕሊ ጃፓን ዝተጎናጸፈቶ ዓወት ንምዝካር ኣብ ዘካየደቶ ጽንብል ንምስታፍ ኣብ በይጂን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኢጋጥሚ እዮም ኑቲ ዝርርብ ኣካይዶሞ።

ኪም ጆንግ ኡን፡ ኣብ ኲናት ፌደረሽን ሩሲያን ዩክሬንን ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ፌደረሽን ሩሲያ ምስላፍ ግዴታኡ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ብምዕራባውያን ዝናኸስ ዘሎ ግጭት ደው ክሳብ ዝብል ደገፉ ከም ዘየቋርጽ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ብወገኑ፡ ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት



ኣብ ምትእምማን፡ ምሕዝነትን ምትሕግጋዝን ዝተመርኮሰ ሕውነታዊ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ዝምድና ክልተኣን ሃገራት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ቡብወገኖም 'ጽኑዕ ድሌት' ከም ዘለዎም ዘረጋገጹ እቶም መራሕቲ፡ ፈኸራ ምዕራባውያን ሃገራት ንመሰላቶም ካብ ምጭባጥ ከም ዘይክልክሎም ኣብሪሆም።

ድሕሪ ምኽታም ዝሓለፈ ኲናት ዓለም፡ መራሕቲ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ፌደረሽን ሩሲያን ሰሜን ኮርያን ንመጀመርያ እዋን እዮም ሓቢሮም ዝራኸቡ ዘለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት።

## ደ/ኣፍሪቃን ህንድን፡ ንግዳዊ ዝምድናኦን ንምድልዳል ተሰማሚዐን

ደቡብ ኣፍሪቃን ህንድን፡ ቁጠባዊ ዝምድናኣን ንምድልዳል ናይ ስምምዕ መዘክር ከም ዝኸተማ ኣፍሊጠን።

እቲ ስምምዕ ሚኒስተር ንግዲ፡ ኢንዳስትርን ውድድርን ደቡብ ኣፍሪቃ ፓርክስ ታው ኣብ ህንዲ ድሕሪ ዘካየዶ ናይ ስራሕ ምብጻሕ እዩ ተበጺሑ።

ብመሰረት እቲ ስምምዕ ኣብ ህንድን ደቡብ ኣፍሪቃን ዝርከቡ ዓበይቲ ይኹኑ ንኣሽቱ ናይ ንግዲ ትካላት፡ ኣብ ነሓድሕዶም ዘሎ ንግዳዊ ርክብ ንኸዕብዩን ንኽድንፍዑን ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ መርበብ ንግዲ ንኸማዕብሉ ክሰርሑ እዮም።




ናይ ኩብሪ ኮሚሽነር ቤት ምኽሪ ንግዲ ሓባራዊ ሃብቲ ህንዲ ዶክተር ኣርኖብ ባታቻርጂ ብወገኑ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ ቁጠባ ደቡብ ኣፍሪቃ ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ ትሕተ ቅርጺ ንምህናጽ ሓጋዚ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ዶክተር ኣርኖብ ወሲኹ፡ ህንዲ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ምስ ብርኽት ዝበላ ሃገራት ተመሳሳሊ ስምምዓት ከም ዝኸተመት ኣነጺሩ።

## "ኲናት ዩክሬን ብዘተ ደው እንተ ዘይኢሉ ብሓይሊ ደው ክብሎ እየ" ፑቲን

ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ዩክሬንን ዝካየድ ዘሎ ደማዊ ኲናት ብዘተ ሰላም ከዕርፎ ከም ዝመርጽ



ብምግላጽ፡ ኣማራጺ እንተ ተሳኢኑ ግን ብሓይሊ ክዛዝሞ ጸገም ከም ዘይብሉ ኣጠንቂቑ።

ፕረዚደንት ፑቲን ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ድሕሪ ምኽታም ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ኤውሮጳ ካብ ዝተኻየዱ ናይ መሬት ውግኣት ዝዓበየ ምዃኑ ዝገለጾ ግጭት፡ ልቦና ብዝተሓወሶ ዘተ ክፍታሕ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ ምዃኑ ድሕሪ ምትሕስሳቡ፡ እዚ ክሰምር እንተ ዘይክኢሉ ግን፡ ሓይሊ ተጠቒሙ ኣብ ምዕራፉ ክበጽሖ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ግጭት ብሰላማዊ መንገዲ ክፍታሕ ዝመርጽ'ኳ እንተ ኾነ፡ "ዩክሬን ናብ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ክትጽንበር የብላን፣ ኣብ ልዕሊ ተዛረብቲ ቋንቋ ሩሲያ ዝኸውን ዜጋታታ ንእተካይዶ ኣድልዎ ከኣ ክተቋርጾ ኣለዋ፡" ንዝብሉ ጠለባቱ ግና ከም ቀድመ ኩሉ ክትቅበል ከም ዘለዋ ኣስሚሩሉ።

## ናይጀርያ - ቁጽሪ ግዳያት ሓደጋ ጃልባ 60 በጺሑ

ኣብ ክፍለ ሃገር ኒጀር - ናይጀርያ፡ ልዕሊ 100 ተሳፈርቲ ዝጸዓነት ጃልባ ብምጥሓሉ፡ ብውሕዱ 60 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ዓሰርተታት ሰባት ከኣ ደሃዮም ጠፊኡ ከም ዘሎ፡ ሰብ ስልጣን ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

እታ ጃልባ፡ ሓዘንተኛታት ጸዒና ካብ ከተማ ቱንጋን ሰለ ናብ ከተማ ዱጋ ተምርሕ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ምስቲ ኣብቲ ማይ ጥሒሉ ዝጸንሐ ጉንዲ ገረብ ተጋጭያ ከም እተገምጠለት'ዩ ተፈሊጡ ዘሎ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ከባቢ ዓብደላሂ ባቡ ኣባላት ህጹጽ ረድኤትን ከኢላታት ሓንበስትን ደሃዮም ንዝጠፍኡ ተሳፈርቲ ናይ ምድላይ መስርሕ የካይዱ ምህላዎም ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ቁጽሪ ምውታት ክውሰኽ ስግኣታት ከም ዘሎ ገሊጹ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ ዝጠፍኡ ካብ'ቶም ግዱያት ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ምዃኖም ኣፈሊጡ።

ኣብ ናይጀርያ፡ ሓደጋ ምጥሓል ጀላቡ ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ተርእዮ እኳ እንተ ኾነ፡ ብፍላይ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ግና እቲ ተርእዮ ኣዝዩ ዝተጋደደ ምዃኑ እዮም ጸብጻባት ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር ዘመልክቱ።



## ፖርቱጋል - ባቡር ብምግጫዋ 17 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ከተማ ሊዝበን - ፖርቱጋል ብዘጋጠመ ሓደጋ ባቡር፡ ብውሕዱ 17 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት 21 ሰባት ከኣ መጉዳእቲ ከም ዝበጽሖም ተሓቢሩ።

በዚ ከኣ፡ መንግስቲ ፖርቱጋል ንግዳያት ናይ'ቲ ሓደጋ ንምዝካር፡ ብደረጃ ሃገር ትማሊ ሓሙስ ናይ ሓዘን መዓልቲ ከም ዝኣወጀ ተፈሊጡ ኣሎ።

እታ ባቡር፡ ሓንቲ ካብ'ተን ብገመድ ኤሌክትሪክ ተታሒዘን ዝንቀሳቐሳን ኣብ ምጉዕዛዝ ነበርትን በጻሕትን ዝጥቀማ ዝነበራ ባቡራት ኮይና፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ኣገልግሎት እንከላ ካብ መስመራ ኣንደልሂጻ ምስ ሓደ ዓቢ ህንጻ ድሕሪ ምልታማ እቲ ሞትን መቑሰልትን ከም ዝሰዓበ፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ሓቢሮም።

ሰብ ስልጣን ናይ'ታ ከተማ፡ ንመንነት ግዳያት ኣመልኪቶም ዝኾነ ወግዓዊ ሓበሬታ'ኳ እንተ ዘይሃቡ፡ ኣብታ ባቡር ብርኽት ዝበሉ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ከም ዝነበሩ ግን ኣነጺሮም ኣለዉ።

ፖሊስ ናይ'ታ ከተማ፡ ምልሕላሕ ገመድ ኤሌክትሪክ ሓደ ካብ ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ክኸውን ከም ዝኽእል ብምእማት፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ብንጹር ንምፍላጥ መርመራታት የካይድ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።






Sabur Printing Services